
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.63 | ረቡዕ 13 ሕዳር 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መራሕቲ ዝማዕበላ ሃገራት ዘብኵራሉ ዋዕላ ክሊማ



ገጽ 3
"ኣፍደገ ሓቂ"


ገጽ 5
ነጥበ መቐይሮ


ገጽ 6
ስማያዊ ዓሳነባሪ


ገጽ 11
ውድድር ብሽክለታ 'ክራይተርዩም' ተኻይዱ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ሕ/ሃ ኣብ ጉዳይ ሱዳን ኣዘራሪቡ



ስእሊ: ታእዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 12 ሕዳር ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀትሪ ንፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ሱዳን - ሚኒስተር ራምታል ላማምራ፡ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዛዕባ ኣብ ዞና ዘሎ ሃዋህው ብሓፈሻ፣ ኣብ ሱዳን ተኸሲቱ ዘሎ ግጭት ድማ ብፍላይ ኣብ ዝዘኦ መግለጺ፡ ጉዳያት ሱዳን ካብ ደጋዊ ምትእትታው ሓራ ኰይኑ ብሱዳናውያን ብዛዕባ ዝፍታሓሉን ናብ በሪ ኣማን ዘብጽሕን መንገዲ፣ ከምኡ'ውን ሱዳን ልኡላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ዓቂባ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ግቡእ ቦታኣ እትሕዘሉ መዳያት ብዝምልከት፡ ነቲ ፍሉይ ልኡኽ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ሱዳን ሚኒስተር ላማምራ ብወገኑ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ሃብታም ተመኩሮን ወድዓዊ ገምጋምን፣ ኣብ ጉዳይ ሱዳን ድማ ሰፊሕን ዓሚቝን ኣፍልጦን ርድኢትን ስለዘለዎ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ርክቡ ንኽልቲኦም ተጻረርቲ ወገናት ሸምጋልካ ናብ መኣዲ ሰላማዊ ዘተ ብምቕራብ፡ ንጉዳይ ሱዳን መሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ዝሕግዙ ሓሳባትን ምኽሪን ንምርካብ ከምዝኾነ ገሊጹ።

እቲ ፍሉይ ልኡኽ ኣብ ዝዘኦ ሓበሬታ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ ዝገበሮ ሰፊሕ ዘተ፡ ብዛዕባ ንጉዳይ ሱዳን ዝጸልዉ ኩነታትን ምዕባለታትን፣ ነቲ ጉዳይ ሓላሊኹ ዘሎ ግዳማዊ ምትእትታዋት፣ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንኽልቲኡ ወገናት ከሰማምዕ ዝኽእል ኣገዳሲ ሓሳባት ከምዝረኸበ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተሳቲፉ ነይሩ።

ፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ሱዳን - ኣልጀርያዊ ሚኒስተር ራምታል ላማምራ፡ ብ25 ሚያዝያ 2024 እውን ኣብ ኤርትራ ምብጻሕ ብምፍጻም፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተመሳሳሊ ርክብ ኣካዪዱ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።

# ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ ሕቡራት ሃገራት ይሳተፍ ኣሎ

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረሰላሴ ዝመርሖ ልኡኽ ኤርትራ፡ "ምትሕብባር ንሓፈሻዊ ዓለም" ብዝብል ቴማ ካብ 11 ክሳብ 22 ሕዳር ኣብ ባኩ - ርእሲ ከተማ ኣዘርባጃን ኣብ ዝጋባእ ዘሎ መበል 29 ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ ኣባል ሃገራት ሕቡራት ሃገራት ይሳተፍ ኣሎ።

መኽፈቲ ቃል ዘስመዐ ፕረዚደንት መበል 28 ዋዕላ ኩለን ኣባል ሃገራት ኣብ ዝቐጽል ክልተ ቅነ ንስመር ተተግባሪ ውሳነ ክሰርሓ ጸዊዑ።

ኣቦመንበርት መበል 29 ዝተረከበ ሚኒስተር ኢኮሎጂን ባህርያዊ ጸጋታትን ኣዘርባጃን ብወገኑ፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ እናበኣሰን ሰዓት እናናተሳቐየን ከምዝይረኣኻ ምኳኑ፡ ከምኡ'ውን እቲ ሽግር ኣብ ወረቐት ጥራይ ብዘሰፈሩ ውሳኔታትን ናይ ርህራህ መግለጺታትን ክፍታሕ ኢልካ ምሕሳብ ቅኑዕ ከምዘይኮነ ኣጆረ።

ፈጻሚ ጸሓፊ ውዕል ክሊማዊ ለውጢ ሕቡራት ሃገራት ሳይሞን ስቲል ድማ፡ ዚ ከበድ ጸገም ንምምካት ኣብ ኣዳራሻት ተኣኪብካ ኣብ ደቀቕቲ ጉዳያት ኣብ ክንዲ ምክርኻር፡ ዘድሊ ፋይናንሳውን ተክኖሎጂካውን ዓቕሚ ምግስጋስ መሰረታዊ ከምዝኾነ ጸቒጡ ተዛሪቡ።

ኣብ'ዚ ዋዕላ ካብ ዝዝተየሉምን ውሳነ ክሓልፈሉም ትጽቢት ዝግበረሉምን ቀንዲ ዛዕባታት፡ ምወሃ፡ ምስግጋር ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ዓቕሚ ተጻዋርነት ንክሊማዊ ለውጢ ዘዕብዩ ሸቶታት፡ ከምኡ'ውን ብክሊማዊ ለውጢ ንዝተሃስዩ ህዝብታት ዝግበር ደገፍ የጠቓልሉ።




# ኣፍዓበት - ኣብ ምሕያል ውዳበታት ደቂኣንስትዮ ዘተኰረ ርክብ ተኻይዱ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ምሕያል ማሕበርን ውዳበታት ደቂኣንስትዮን ምስኡ ዝተኣሳሰር ጉዳያትን ዘተኰረ ርክብ፡ ብ3 ሕዳር ምስ ኣባላት ሃማደኤ ኣብ ኣፍዓበት ኣካዪዱ።

ሓላፊት ናይ'ቲ ጨንፈር ወ/ሮ ጅምዓ ራኪ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ማሕበርን ምስ መኻርኽቲ ብምውህሃድ ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታትን ከምኡ'ውን ንቕሓትን ዓቕሚታትን ደቂኣንስትዮ ክብ ንምባል ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ዝምልከት መብርሂ ሂባ።

ብዘይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ኣድማስ ፍልጠት ክሰፍሕ ከምዘይክእል ዝሓበረት ወ/ሮ ጅምዓ፡ ተሳተፍቲ ደቂኣንስትዮ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ንምዕባይ ወህድ ስራሕ ናይ ኩሎም ኣካላት ብሓፈሻ ናይ ኣመሓደርቲ ድማ ብፍላይ ከምዝድሊ ኣገንዚባ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ጉዳይም ኣባላት ሃማደኤ ኩሉመዳያዊ ንጥፈታት ማሕበር ንምሕያልን ተመክሮኣን ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ንምስግጋርን ረዚን ሓላፍነት ከምዘለወን ብምግንዛብ፡ ንምዕዋቱ ብዕቱብ ክሰርሓ ኣዘኻኺረ።

ኣኼበኛታት ብወገነን ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምዕባይ ወህድ ስራሕ ከየገበር፣ ሓደስቲ ኣባላት ንምውዳብ ድማ ዕቱብ ጻዕሪ ክገብራ ተሳቢዖን።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## መራሕቲ ዝማዕበላ ሃገራት ዘብኵሩሉ ዋዕላ ክሊማ

ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቖደ መበል 29 ዓመታዊ ዋዕላ ክሊማዊ ቍጽጽር ቀደማይ ሰሉስ ኣብ ባኩ ርእሲ ከተማ ኣዘርባይጃን ተጀሚሩ ኣሎ። ሓያሎ መራሕቲ ብቐንጠበ ዝማዕበላ ሃገራት ብዘበይኑ ምኽንያታት ከም ዘብኵሩ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ዓሚ ኣብ ኢማራት ዓረብ ኣብ ዝተኻየደ ኮፕ 28 ብኣሽታት ፍርቂ ዝውሓደ ህዝቢ ከም ዝሳተፍ ተገሚቱ ኣሎ። ኣብቲ ዓሚ ኣብ ዱባይ ዝተኻየደ ዋዕላ ክሊማ ልዕሊ 80 ሽሕ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ዓለም ዝተላእኩ ክኢላታት ተሳቲፎም ነይሮም።

ሎሚ ኣብ ከተማ ባኩ ዝቖደ ዋዕላ ክሊማ፡ ካብዞን ቀንዲ በከልቲ ሃዋህው ዓለምና ዝኾኑ የኤስ ኣመራኢ ሓዲሽ ምምሕዳር ድሕሪ ምምራጻ ኣብ ውሽጢ ሓደት መዓልታት ብምኻኑ፡ ኣብቲ ዋዕላ ሓያል ጽልዋ ከም ዘለዎ ይእመን።

ዓለማዊ ብከላ "ዝዩለን ሰብ ዝፈጠሮ ሓሶትን" ምኻኑ ዝኣምን ካብ 2016 ክሳብ 2020 ፕረዚደንት ኣመራጺ ዝነበረ ዶናልድ ትራምፕ ንሃገሩ ካብቲ ዋዕላ ኣውጺእዋ ድሕሪ ምጽናሕ ድሕሪኡ ዝተኸአ ምምሕዳር ጆ ባይደን ናብቲ ተሳትፎ እቲ ዋዕላ መለሰዋ ጸኒሑ ነይሩ። ናይ ሎም ዘበን ዋዕላ ከሕልፎ ዝኽእል ለበዋታት፡ ምሕጽንታን ሽቶታትን እቲ ኣብ ኣመራጺ ዝርከብ ዘሎ ሓዲሽ ምምሕዳር ትራምፕ ዝጸን እንድሕር ኩይኑ ደማ ስልጣን ምስ ተረከበ ዝረአ እዩ።

ዓለማዊ ዋዒ ቅድሚ እቲ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝነበረ ምዕሩይ ክሊማ እናወሰኸ ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎም ዘበን ረሲ ዓለም ኣብቲ ክፍራሕ ዝጸንሐ ጥርዚ ዋዒ ከይበጽሕ ክኢላታት ይሰግኡ ኣለው። ሎም ዘበን ከአ ኣብ ዝተመዝገበ ታሪኽ ክሊማ ዓለም ዝወዓዩት ክትከውን ከም እትኽእል ክኢላታት ይገልጹ ።

ልክዕ ከምቲ ናይ ዓሚን ቅድሚኡን ዝነበረ ዋዕላታት ክሊማ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ዋዕላ ባኩ እውን ዘይማዕበላ ሃገራት ብከላ ንምቍጽጻርን ዓለማዊ ዋዒ ዘስዕቦ ሓደጋታት ንምክልኻል ዘኽእል ገንዘባዊ ሓገዝ ዝረኽበሉ መንገዲ ክፍዲ ክፍትን እዩ። ሓያሎ መራሕቲ ዝማዕበላ ሃገራት ኣብ ዘብኵሩሉ ዋዕላ ባኩ ለበዋታት ኣሕሊፉ ኣብ ብራዚል ናብ ዝቖደ ኮፕ 30 ክሰጋገር እዩ።

ብሉዑዲ ዘይትን ጋዝን ኣዚያ ሃብታም ዝኾነት ኣዘርባይጃን ጸረ ብከላ ዋዕላ ከተቖድ ሐደት መዓልታት ኣብ ዝተረፈ ግዜ፡ ኒጋዶ መስለም ብዘቖረቦ ጋዜጠኛታት ውዕላት መሸጣ ነዳዲ ክተካይድ ኣድ ብኣድ ከም እተረኸበት ኣብዚ ቐንያት ክግለጽ ቀንዩ ነይሩ።

ኣዘርባይጃን ካብቲ ዘለዋ ሰፊሕ ትካላት ነዳዲ ብስሶ ከተዕቢ መደባት ኣብ ዘውጽኣትሉ ግዜ እያ እምበኣር ዋዕላ ምቍጽጻር ተኻኺ ነዳዲ እተኣናግድ ዘላ። ዓሚ ኣብ ኢማራት ዓረብ ዝተኻየደ ኮፕ 28 እውን ተመሳሳሊ ውዕላት ክቖደ ከም እተራእየ ተሓቢሩ ነይሩ። ነዳዲ ዘይቲ ክሳብ 2050 ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ዕዳጋ ከም ዘይጠፍእ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ፡ ተሓዱሲ ጸዓት ንተኻኺ ነዳዲ እናተኸአ ዝኸይደሉ መስርሕ ብዝተባበዐ ኣገባብ ክኸውን ኣለዎ።

እዚ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓመት-መጸ ዝቖደ መራሕቲ ሃገራት ዓለምን ኣብ ቍጽጽር ክሊማ ዝገደሱ ካብ ኩሉ ኩርነዓት ዓለም ተወኪሎም ዝኾኑ ክኢላታትን ዝሳተፍዎ ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ ኣየራት ዓለም ክምለስ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ከይበጽሐ ቍጽጽር ክግበረሉ ጻዕርታት ከቶደ ጸኒሑ እዩ።



መንግስታት ዓለም ዝወከሉ ኣስታት 200 መራሕቲ፡ ኣብ 1992 ተኣኪቦም ዝዘ. ብሓልየት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተጀመረ ኣብ ቍጽጽር ክሊማ ዝተኩረ ዋዕላ 'ኮፕ' (conference of the parties ) ብምባል ጸዊዮሞ።

ኣብዚ ሎም ዘበን ኣብ ከተማ ባኩ ዝቖደ መበል 29 ዋዕላ፡ ብዘበይኑ ምኽንያታት ሓያሎ መራሕቲ ብቐጠበ ዝሓየላ ሃገራት ብዘይምስታፎም ውሳኔታት ንምሕላፍን ምጽዳቐን ከድክም ከም ዝኽእል ይግመት። ኣብቲ መበል 15 ግዜ ኣብ ከተማ ፓሪስ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ክሊማ ዓለም ካብ ቅድሚ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ካብ 1.5 ንላዕሊ ምእንቲ ከይዛይድ፡ ክቖደ ብዘዕባ ዘለዎ ግብራዊ ተበግሶታት ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዝተኻየዱ ዋዕላታት ክዝረብ ጸኒሑ ነይሩ። ሓያል ጻዕርታት እውን ተኻይዱ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ዝድይብ ዘሎ ረሲ ዓለምና ደው ክብል ዝኽእል፡ ንኹሉ ዘዕግብ ዓለም ለኻዊ ፍታሕ ኣይተበጽሐን።

## ሓምላይ ዓለም ክዉን ንምግባር ግብራዊ ውሳነ የድሊ

ሎም ዘበን ኣብ ሓያሎ ሃገራት ዝተራእየ ማዕበላዊ ህቦብላ፡ ዕልቕልቕ ውሕጅን ረሲ ዓለምን ዝፈጥሮ ዘሎ ምቅይያር ጠባያት ኣየር ደራኺ ዛዕባታት ክለዓል ስለ ዝኽእል፡ ዋዕላ ባኩ ምቍጽጻር ክሊማ ሓደ መሰጋገሪ መድረኽ ክኸውን ይግመት።

ኣብ ዋዕላታት ኮፕ ዝመሓላለፉ ለበዋታት በብቐሩብ እውን እንተኾነ ኣብ ሃገራት ዓለም ለውጢ ዘስዕብ ጽልዋታት ከርኢ ጸኒሑ እዩ። ምትእትታው ሓምላይ ጸዓት ብፍላይ ካብ ተሸከርከርቲ ዝወጽእ ሃዋህው ዝበክል ትኪ ኣብ ምንካይ ዓቢ ለውጢ ከምጽእ ጸኒሑ እዩ። ብተኻኺ ነዳዲ ዝጉዓዝ ማካይን ካብ ጽርጊያታት ዓለም ዝእገዳሉ ግዜ እውን ርሑቕ ከም ዘይኮነ ይእመን። እዚ ወጽኢት ናይቲ ክቖደ ዝጸንሐ ዋዕላታት ኮፕ ክኸውን እንክሎ፡ ናይ ኤሌክትሪክ ናውቲ ኣብ ምስናዕን ምሻጥን ሰፊሕ ዕዳጋ ዓለም ከፊቱ ይርከብ።

ግና ዓለም ድሕሪት ዝተረፈትሉን ክገጸው ለበዋ ክሓልፍ ዘይከኣለን ብምግራብ ሓምላይ ዓለም ንምፍጣር ተሰሪዑ ሂቡ ዝነበረ ለበዋታት ብዙሕ ኣይሰርሐን። ብደረጃ ዓለም ዝበቶኽ ዘሎ ኣግራብ ዶ ይበዝሕ ዝትከል? ኢልካ ምሕታት እኹል መልሲ ክንረኽበሉ ንኽእል ኢና። ኣብቲ ሰሜናዊ ክፋል ዓለምና ገረብ ምብቱኽ ብጽኑዕ ሕጊ ክልኩል ስለ ዝኾኑ፡ ንኣማኢት ዓመታት ከምባህሊ ተዓቚሩ ዝጸንሐ ክዝክን ገረብ ኣሎ። ኣብ ትሮፒካዊ ዕጣቕ ዓለም ዝርከብ ዘይለምዓ ሃገራት ግና ብዙሎ ስእኑት ኤሌክትሪክ፡ ገረብ ከም ኣማራጺ ነዳዲ ክጥቀማ ይኽእላ። መንግስታት ብዙሕ ቍጽጽር ክገብሩ ይኽእሉ፡ ምድረበዳነት ግና ምግፋሕ ኣየቋረጸን።

ኣብ ርእሲ'ዚ ኣግራብ፡ ናብ ሃዋህው ንዝዕረገ ከም ካርቦን ዳይኦክሳይድ ዝኣመሰለ ረሳሕ ኣየር ብምምጻይ ቀንዲ ተኸላኸልቲ ብከላ ከም ምኻኖም፡ ሃገራት ደቡባዊ ክፋል ዓለም ብመደባት ግረባ ክጥፍኡ ከም ዘለወን ኣብዚ ኣኼባታት ወትሩ ዝለዓል ኣርእስቲ እዩ።

ብርሰት ኣግራብ ክቋረጽ እንድሕር ኩይኑ ደማ ፡ ኣግራብ ከም ነዳዲ ንዝጥቀማ ሃገራት ናይ ተተካኢ ጸዓት ሓገዝ ክወሃበን ኣለዎ። ካብ ናይ ስኮትላንድ ዋዕላ ክሊማ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝቖዱ ዘለዉ ዋዕላታት ካብ ዝዝረበሎም ቀንዲ ጉዳያት እምበኣር ንድኻ ሃገራት ኣብ ዝወሃብ ፋይናንሳዊን ቴክኖሎጂያውን ሓገዝ ዘተኩረ እዩ።

ዋዕላ ፓሪስ፡ ብንጥፈታት ሰብ ናብ ሃዋህው ዓለም ዝዕርግ ትኪ ኣገዳሲ ክጎድልን፡ ኣብ ዝበን ምድሪ ዝርከቡ ከም ወቅያኖሳት ዝኣመሰሉ ማያት፡ ኩሉ ዓይነት ኣግራብን ቡቃልያታትን ሓመድ ምድርን ብተፈጥሮ ክመጽዩ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ከይበዝሐ ጻዕሪ ክቖደ ለበዋ ኣመሓላሊፉ ነይሩ። እዚ 'ጽሩይ ዜሮ' ዝበሃል ዕቑን ኣብ 2050 ክሳብ 2100 ኣብ ዘሎ ዓመታት ክበጽሕ ዋዕላ ፓሪስ ተሰሪዑ ሂቡ ነይሩ።

ነፍሲ ወከፍ ሃገር ከኣ ናብ ሃዋህው ዝዕርግ ትኪ እትንክየሉ ሃገራዊ ሽቶታት ኣብ ሓሙሽተ ዓመት እናገምገመት ሓደሽ መደባት ከተውጽእ ትኽእል ዝብል መዘኻኸሪ ነይሩዎ።

ካብ 1850ታት ንደሓር ዝተራእየ ቅልጡፍ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ፡ ብሆዱ ንዝዩዱ ትካላት ፍርያትን ንመጉዓዝያ ባቡራትን መራኽብን፡ ብዘከድድ ከሰል ፈሓም ብከላ ኣየር በብቐሩብ እናወሰኸ መጺኡ። እቲ ኣብ ሃዋህው ዝእከብ ረሳሕ ኣየር ንምድሪ ስለ ዘኩልብ፡ ናብ ባይታ ዝበጽሐ ዋዒ ጸሓይ ንምድሪ የርስና። ዋዒ ምድሪ፡ ሓደ ዕስራት ዲግሪ ሰልስዩስ (0.1) ጥራይ ክውሰኽ እንከሎ ኾኣ ምዝባዕ ክሊማ ስለ ዝፈጥር፡ ሃንደበታዊ ዝናማት፡ ሓያል ዕልቕልቕ፡ ብርቱዕ ሃሩር ህቦብላዊ ማዕበላትን ባርዕ ዱራትን ይኸስት።

በቲ ዓመታዊ ዝእከብ ዋዒ ናብ 2 ዲግሪ ሰልስዩስ ምእንቲ ከይበጽሕ ደማ ንሓያሎ ዓመታት ትሕቲ 1.5 ዲ.ሴ ጥራይ ክጸንሕ ከምሽቶ ተታሒዙ ከምዘሎ ይፍለጥ። ናብ 2 ዲ.ሴ እንተበጺሑ ግና ከቢድ ማህዘ ዘለዎ ሰብ ኣብ ሓጋይ ከንቀሳቐስ ዘይክእል ብርቱዕ ዋዒ ጸሓይ ክፍጠር ከም ዝኽእል ይግመት። ኣብ ዋልታታት ዓለም ዝርከብ በረድ እናመሸኸ ናብ ወቅያኖሳት ስለ ዝሕወስ ዓቐን ማይ ጸፍሒ ባሕሪ ይውሰኽ። ኣብ ገማግም ዝርከቡ ህዝብታትን ደሴታትን ድማ ይምዝበሉ። ብቐንዱ ወቅያኖሳትን ባሕርታትን ስለ ዝመውቐ ዓቕኑ ይውሰኽን ናብ ገማግም ከኣ ይድፋእ።

ካብ 2009 ንደሓር ኣብ ዝተኻየዱ ኩሎም ዋዕላታት ክሊማ፡ ዝማዕበላ ሃገራት ዓመታዊ 100 ቢልዮን ዶላር ንድኻታት ሃገራት ክልግሳ መብጽዓ ተኣትዩ ነይሩ። እዚ ምውሉ፡ ድኻታት ሃገራት ሓምላይ ጸዓት ክህንጻሉ ጥራይ ዘይኮኑስ፡ ብሰንኪ ምዝባዕ ክሊማ ንዝወርደን ዕንወት ዳግመ ህንጻ ክኪይዳሉ እውን ዝተሓሰበ እዩ። ኣብ ባኩ ኣብ ዝቖደ ዘሎ ዋዕላ ክሊማ፡ ድኻታት ሃገራት ዓመታዊ ሓደ ትሪልዮን ዶላር ክስልዓለን ትጸበት ይጉብራ ኣለዋ። ኣብ ዝሓለፈ ዋዕላታት፡ ብሰንኪ ባህርያዊ ሓደጋታት ዓመት-መጸ ካብ በከልቲ ሃገራት ካሕሳ ክወሃብ ዝቐርብ ዝነበረ መብጽዓታት ዘይሰምር ዝደጋገም ሕልሚ ብምኻኑ፡ ከም ደሴት ፓፕዋ ኒው ጊኒ ዝኣመሰላ ሃገራት ካብቲ ዋዕላ ጠቕሊልካ ምውጻእ ዝሓሸ ኣማራጺ ኩይኑ ከምዘሎ ይገልጻ።




ዓሚ፡ ኣብ ኣብ ዱባይ ኣብ ዝተኻየደ ኮፕ 28 "ካብ ተኻኺ ነዳዲ ናብ ሓምላይ ነዳዲ ጥጡሕ መሰጋገሪ ይፈጠር" ብዝብል ጭርሖ ተዛዚሙ። ክሊማ ዓለም ኣይተበከለን ኢሉ ዝኣምን ሓዲሽ ምምሕዳር ኣመራጺ ኣብ ዝጀምረሉ እዋን ዝቖደ ዘሎ ዋዕላ ከተማ ባኩ እንታይ ጭርሖ ኣውጺኡ ከም ዘበቅዕ ድማ ክንርኢ ኢና።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)


**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቀ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳጸ. 1284



# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## “ኣፍደገ ሓቂ”

*28 ለካቲት 2004*

6፡30 ድ.ቐ.

ተማሪኹ ልበይ ብኣኻ መምህረይ። ክንዲ ምንታይ ኣብ ውሽጠይ ኣቲኻ ትሰዕስዕ ኣለኻ እንተ ትፈልጥሲ እንታይ ኮን ምበልካ? ብርግጽ ሓጉስካ ኣይመርኣኻንን። ተገምጢልካ “እዚ እቲ ኣነ ክኾኖ ዝደለኹ’የ። ንስኻ ክኸውን ኣይክእልን’የ። ንስኻ እቲ ክትኮኖ እትደሊ ደኣ ኹኖ። ኣነ እዚ ትፈትወኒ ክኸውን ብዙሕ ነገር’የ ኣሕሊፈ። ንስኻ በቲ ዝሓለፍኩዎ መገዲ ዘይክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። እቲ ክትኮኖ እትደሊ ምሳይ ኣይተማሰሎ። ውሽጥኻ ብምልኡ ክዝውሮ ኣይተፍቅደለይ!” ከም ትብለኒ እፈልጥ እየ። ንስኻ መምህረይ ልበይ ወሲድካዮ ኢኻ።

ሎሚ ዓመት መጺእካ ክነስኻ፡ ንኻልኦት መምህራነይ በሊጽካ ከም ላህመት ጸምበለል ኢልካ። ስለምንታይ ትፈልጥዶ? ኣነ’ውን ጽቡቕ ገይረ ዝፈልጦ ኣይመስለንን። ሳላኻ ግን ብሎሚ ምሕሳብ ገዲፈዮ! ንነብሰይ በቲ ንነዊሕ ዝጥምቶ ክሰርሓ’ምበር፡ በቲ ዘሎ ኵነታት ክሃንጻ ከም ዘይብለይ ኣፍሊጥካኒ! ራኢ ኣዒንቲ ናይ



ሰብ ምኻኑ ፈሊጠ። ብሳላኻ ራኢ ሒዘ፡ ዓይነይ ኣንቂሕካዮ። ኣንታ ምቁር መምህረይ! ኣብ ውሽጠይ ኣቲኻ ቀጽይጽይ እንተ በለካ ኣይትጽልኣዮ፣ ኣነ ኣይጸልኦን እየ። ዘይከም ብዙሓት መማህርተይ ኣብ ቅድመይ ከም “ሞዴል!” ዘቐምጦ ሰብ ኳንካኒ ኢኻ። ዘረባኻ ወለል ዝብል ወለላ መዓር’ዩ፣ ምዕዶኻ መግቢ፡ ዋዛኻ ኸኣ መቐረት ህይወት እዩ። መዓልታዊ ናብ ክፍልና ክትኣቱ እንከለኻ ሓድሽ ሰብ ኳንካ ከም ትመጽእ ትፈልጥዶ? ጽሬትካ፡ ክዳንካ፡... ኣይኮነን ዝሕድሰና። ንሱ እንተ ዘይገይርካ’ሞ መምህር ኣይኮንካን። ኣብ ገጽካ መዓልታዊ ዝውላዕ መብራህቲ ኣሎ። ዝኾነ መምህር ናይ ኣካዳሚ ፍልጠት ክህበኒ ይኽእል እዩ። ከማኻ ህይወተይ ምስ ትምህርተይ ኣሲሩ ክሃንጽ ዝፍትን ግን ኣይረኣኹን።

መዓልታዊ መግቢ ህይወት እተዳሉ ዓመት ምሉእ ዘይትነቅጽ ዳዕሮ’ኳ ኢኻ! ሰብ ኣባኻ እንተ ኣዕቈበ፡ ጸሓይ ኣይወቕኦ፡ ዝናብ ኣየጠልቅዮ፡ ጥምየት ኣይስመዖ...።

ፍትው መምህረይ! ልዕሊ እቲ ዝሰምዖ፡ ዝርእዮ፡ ዝብሉኒ፡ ዝምህሩኒ፡... ሓሊፈ ንኹለንታ ክርእያ መገዲ ኣርሒኻለይ። እታ ደቃቕ ብዙሕ ዘይትፈልጥ እትገልጻ ነብሰኻ፡ ካብቲ ኣብ ህይወተይ ዝፈልጦ እምባ ትዓቢ! ካብቲ ዝፈልጦ ዕምቈት ውቅያኖስ’ውን ትዓሙቕ። ብኣኻ ኣቢለ መገዲ ሓቂ ክኣትዎ ተስፋ እገብር። ገዛኢ ልበይ መምህረይ... ንግሆ ንግሆ ከምታ ጸሓይ ተሓዲስካ ክርእየካ ተሃዊኸ ኣለኹ።

ፍልጠት ብርሃን’ዩ ክብሉ እንከለዉ፡ ነዚ ናይ ኣካዳሚ ትምህርተይ ጥራይ እወስዶ ነይረ። ፍልጠት ሓበሬታ ምህላው ጥራይ ኣትኮነን፣ ብዛዕባኡ ካብ ኣዕሚቕካ ምፍላጥን ምስትንታኑን ዝሓልፍ እዩ። ንቕሓት’ዩ ብርሃን። ምንጪ ንቕሓተይ ኳንካ ኣለኻ። ነብሰይ ኣበይ ደረጃ ክሰርዓ ከም ዝጸናሕካ ዝፈልጦ የብለይን፣ ግና ካብ ጀርምታት ዝደቀቐ ፍልጠት ከም ዘለኒ ፈሊጠ ኣለኹ። ደሃይካ ኣይተሓባእ መምህረይ!

ምሉእ ተስፋይ



## መጽሓፍ.... ...ምስ ኣንቢብኩ

*12 ሓምለ 2022*

መጽሓፍ ህቡብነቱ ቀልጢፉ እንተ ተሰቒሉ፡ ወይ ብዙሕ ሰብ እንተ ተዛሪብሉ ልበይ ኣይረግኣለይን’ዩ። ቀልጢፈ ስለ ዝጽሉ፡ ምስ ዓፍራኡ ብውዕዩ ክንብቦ ኣይደልን እየ። መጽሓፍ ክልተ ቐነ ኣብ ድፋዓት፡ ‘ኣንቡብያ’ ዝብል ሰብ ምስ በዝሓኒ ገዚአ ኣቐሚጠያ። እናሻዕ እርእያ ግዳ ኣየንበብኩዋን፡ ዓመታት ኰይኑ። ትማሊ ኣብ ኩብሐይ ዘይተነበ መጽሓፍ እናፈተሽኩ ረኺበያ፣ ንሳ ጥራይ ከይተነበት ዝኸተማ! ሃንደበት ገንጺለ ከንብብ ጀሚረ።

*“ተመርዒኺዶ?” በላ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመሃሪቱ ዝነበረት ቹቹ ኣብ ድፋዕ ምስ ረኸባ።*

*“ኣላ ንስኻ፣ ግደፈና’ስከ። ኣቓልቦና ኣብኡ ኣይኮነን ዘሎ።”*

*“ስለምንታይ?”*

*“ምስ መን ከም ዘለናዶ’ምበር ይርድኣካ’ሎ! ... ኵላ ገዲፋትና ከይዳ መፈጠርና ጸሊእና ኣለና። ንስኻ ኸኣ ብዛዕባ መርዓ ተራእዩካ።”*

*“ኵላ ክትከይድ ኢኺ ትደልዩኖ፣ ከምኣ ክትብሉ ከለኹም ከተሕርቑኒ።”*

*“ድሕሪ መሳቱኻ፡ መማጽእትኻ፡ መማህርትኻ ምትራፍ እቲ ዝኸፈአ እዩ።”*

እቲ ዝርርብ ብዓይነ-ሕልናይ ክቐርጾም፡ ልበይ ክትንከፍ፡ ንብዓት ክቔጽር እናኣገደደኒ ክቕጽል ኢለ። ካብተን ክንበባ ኣለወን ዝበሃላ መጽሓፍቲ ዓድና ገይሮም ክገልጹዋ እከለዉ፡ እንታይ ምኽንያት ይህልዎም የሕሰበኒ ነይሩ። እዛ ሃንደበት ኣብ ገጽ 21 ዝረኸብኩዋ ጽሕፍቲ፡ ነታ መጽሓፍ ክንድኡን ልዕሊኡን ስምዒታት ክህልዋ ከም ዝኽእል ኣገመተኒ። ስምዒታት የድገሱኒ እዮም። ዝገደደ ብታሕቲ ጸንሐ።

*“ዘይደቅኻ ኢኻ ክትቀብር መጺእካ”* ትብሎ ቹቹ ተመሃሪት። እዋይ ኣይከኣልኩን ንብዓት ጸረር ኣቢለ፣ እዋይ ክኸብድ።

*‘ናታ ሞት ቅቡል ናተይ ህላወ ርጉጽ ምውሳዳ ኣዝዩ ከቢደኒ...’* ዝብል ምስ ኣንቡብኩ’ሞ ዓጺፈያ ትም በልኩ። ኣብቲ ንመስዋእቲ ዘወጽኡዎ በረኻ፡ እዚታት ከመይ ኢሎም ይኽእልዎ ነይሮም ክግምቶ ኣይከኣልኩን። እዛ መጽሓፍ ሓቀይ’የ ክበቃ። ኮፍ መበሊየይ ኣጣጢሐ ከም ብሓድሽ ካብ ገጽ ሓደ ከንብባ እጅምር ኣለኹ። ዘየንቡብኩምማ እንተ ኣለኹም ሰዓቡኒ።

ጀሃራ ሰዒድ

## እንታይ እየ ኰይነ?

*20 ለካቲት 2011*

ቀዳም 6፡30 ቅ.ቐ. - ኣስመራ -

ዳየረይ ሸኮር ከመይ ሓዲርክለይ? እንታይ ተረኺቡ ደኣ ብንግሆኡ ተራኺብና’ዶ ትብለኒ ኣለኺ? ስለዘየልመድኩኺስ ሓቅኺ ኢኺ። እንተኾነ፡ ዝኾንክዎ ክሳብ ዝፈልጥሲ ብሕጂ’ውን ክትድቅሲ ኢኺ ኣይብልን እየ። ሓደራኺ፡ “ትማሊዶ ደኣ ከቲትክኒ ኣይከድክን፡” ኣይትበልኒ። ንጽዕነተይ እተጻውርኒ ብጸይተይ ኢኺ። ንዓኺ እንተ ኸቲተ መእተዊ ስለዘይብለይ ኣይውዕሎን እየ። ንዓይ’ዩ ዝሕሸኒ። እቲ ሓቂ እንታይ ይመስለኪ፡ ትማሊ ምስ ሲራክ መሓዛይ ቈጸራ ከም ዝነበረኒ ነጊረኪ ነይረ። ጽቡቕ ኢና ኣምሲና። ኣብ ምምላሰይ ግን ብዙሕ ድንግርግር ዝበሉ ስምዒታት ሓዚለ’የ ተመሊሰ።

ትማሊ ምሸት’የ ነዚ ምውዳን ኣብዩኒ ዘሎ ሓሳባተይ ከካፍለኪ ሓሲበ ነይረ። እንተኾነ፡ “እንታይ ገበረት ሩፍ ኢላ ትሕደር፡” ኢለኪ። “ዘየደቅስ ነጊሮም....” ከይትብልኒስ መዓስ ዘይተሰከፍኩ ኮይነ። ሓቂ ንምዝራብ ግን እንታይን ብኸመይን ከም ዝብለኪ’ውን ምርዳእ ኣብዩኒ። ካብታ ማሙቕ ቦታኺ ኣልዒለስ መሊሰ ድማ ኣቐሚጠኪ። ዳየረይ፡ ገለ ይኸውን ኣለኹ። ኣጆኺ! ናይ ጥዕና ጸገም ኣይኮነን። ስምዒታተይ ተኸፋፊሉ፡ ሓሳባተይ ኣብ ሓደ ተተኺሎም፡ ኣንፈቶም ምጥምዛዝ ኣብዮምኒ። ኣብ ካልእ ንጥፈታተይ ከተኵር ኣይከኣልኩን ዘለኹ። ኣድህቦይ ናብታ ህሞት እናተመልሰ የሸግረኒ ኣሎ። እንታይ’የ ዝኸውን ዘለኹ ኣይርደኣንን ኣሎ። እንተ ነፊሰለይ ከዕልለኪ ጥራይ ጽን ኢልኪ ስምዕኒ።

ምስ ሲኩ መሓዛይ ንኽንደይ ዝኣክል ዓመታት ብምሕዝነት ንጓዓዝ ኣለና ይጠፍኣኪ’ዩ ኣይብልን። “እሙን መሓዛ” ብልክዕ’ያ ትምጥዋ። ከም መሓዛይ፡ የማኽረንን ይእርመንን። ከም ሓወይ፡ ይከላኸለለይን ይሓልየለይን። ከም ኣቦይ ይምዕደኒ፡ ይግስጸንን ይንእደንን። ኣብ ህይወተይ ቀሊል ተራ ኣይኮነን ዘለዎ። ብወገነይ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዘለኒ ሓልዮትን ኣኽብሮትን ድማ ልዕሊ ማንም ንስኺ ትፈልጢ። “ኣደይ ፍቓዳ ባዕለን ይነኣዳ” መታን ከይትብልኒ ግን ልዕሊኣ ከይቀጸልኩ ሰቕ ክብል። ምሕዝነትና ክንደይ ግዜ ኣርእስቲ ዕላል ሰባት ዘይኮነ። ሓንሳብ ፍቑራት ኢሎም ይሓምዩና፡ ሓንሳብ ከኣ ንምሕዝነትና የድንቕዎ። ኣብቲ መጀመርያ፡ መሓዙት ምኻንና ከነረድእ ጦቕ ኢና ንብል ኔርና። ምስ ግዜ ግን፡ “ሰብ ብዝተረድኦ ይረደኣዮ፡ ናትና’ዩ ዘገድስ፡” ኢልና ምዝራብ ገዲፍናዮ። ካብ ብዘረባ፡ ግብርና ርእዮም ክኣምኑ ገዲፍናዮም። ሕጂ ግን.... “ኣይበልናንዶ!” እትብል ዘረባ ከይትመጽእ እፈርሕ ኣለኹ።

ትማሊ ምስ ሲኩ መሓዛይ ከም ቀደምና ጽቡቕ ከነዕልል ከም ዘየምሰና፡ ከፋንወኒ ከሎ ግን ዘየደቅስ ኣሰኪምኒ ከይዱ። እነህልኪ፡ ንርእሲኡ ከም ገለ ኰይኑ ንዓይ’ውን ሓማሚስኒ። “ምሕዝነትና ናብ ፍቕራዊ ዝምድና ነስግሮ፡” እዩ ዝብል ዘሎ። ድቦላዶ ኰይኑኪ? ኣነ’ውን ከምኣ’የ ኹይነ። “ካበይ ዝመጽአ ሓሳብ ደኣሉ’ዚ?” እንተ በልክዎ፣ “ኣየስተውዓልክሉን እምበር ነዊሕ ዓመታት ዝገበረ እዩ። ወይ ከኣ ጽቡቕ ገይረ ክኽውሎ ክኢለ ነይረ ማለት’ዩ፡” ኢሉኒ ፍሽኽ እናበለ። ገሪሙኒ! ገሪሙኒ ዳየረይ! ምሕዝነትና ዝዓቢ ክንሱ፡ ንምንታይ ሕጂ ካልእ ጉዳይ ኣምጺኡ ኣብ ንውጽኣዮ ኣይንውጽኣዮ ዘይፍለጥ መገዲ ክንጓዓዝ መሪጹ ኣይርደኣንን ኣሎ። ‘ንምንታይ ምሕዝነትና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ይኣቱ ኣሎ፡’ ዝብል ሓሳብ ኣልዒለ ክብድሆ ፈቲነ። ብዓቢኡ ኣብ ልበይ ዘይነበረ ኣምጺኡ ኣኽቢድለይ ከም ዘሎ ነጊረዮ።

“ሃዲእኪ ክትሓስብሉ እኹል ትሩፍ ግዜ ክህበኪ’የ። ንልብኺ’ውን ልዕለይ ዝፈልጣ ስለዘየለ ስክፍታይ ውሑድ’ዩ። ብዓቢኡ፡ ናብዚ ውሳነ’ዚ ክበጽሕ ክንደይ ዓመታት’ዩ ወሲዱለይ። ከየመዛዘንኩ ዝብሎ ዘለኹ ከይመስለኪ። ብሕጂ ዘሎ ህይወትና’ውን በዚ እንጅምሮ መገዲ ክሳብ መወዳእታ ብሓደ ከም ዝኸውን ምሉእ እምነት ኣለኒ፡” ኢሉኒ። ኣይገርምንዶ!? እንድዒ ጓለይ፡ ኵሉ ነገራቱ’ዩ ሓዲሱኒ ኣምሲዩ። ዝኾነት ነገር ንኽውስን ኣዝዩ ጥንቁቕ ምኻኑ ኣዐርየ እፈልጥ እየ። ዘይተተኣማምኖ ነገር እንተ ኾይና ኣየተግብራን እዩ። ንዓይ’ውን ህዉኽ ስጉምቲ ንኸይወስድ እዩ ዝመኽረኒ ነይሩ። ኣብዛ ጉዳይ እዚኣ ግን.... እንድዒ።

ሓንሳብ ነዛ ዶብ ምሕዝነትና ጥሒስና እንተ ኼድና፡ ንድሕሪት ምምላስ ዝበሃል ከም ዘየለ ከረድኦ ደጋጊመ ጽዒረ። መዓስ’ሞ መልሲ ይጠፍኦ ኹይኑ። “እፈልጥ። ንድሕሪት ምምላስ የለን። ንዓኺ ሓድሽ’ዩ ኢለ’የ እምበር፡ ኣነስ ኣረ ብቓል-ኪዳን ተኣሲርና ብሓደ ክንነብር እዩ መደበይ፡” ክብለኒ ከሎ ምሕር ምግራመይ ኣየገረሞን። ዳየረይ፡ “ደሓርከ?” ንዝብል ሕቶይ፡ እኹል ዝበሎ መልስታት ኣዳልዩ ምሕላፍ ከሊኡኒ። ከረድኣሉ ዝኽእል ቃላት ሓጺሩኒ ዓቕለይ ከጽብብ ከለኹስ ኣስሒቕዎ እኳ ደኣ። እንታይ’ዩ ኣሚኑ እንድዒ።

ዳየረይ፡ ንዓይ ዘይተረደኣኒ ኣብ ልዕሊኡ እንታይ ዝደጉልክዎ ስምዒት ኣሎኒ ድዩ? ርእሰ-ምትእምማኑ ንገዛእ ርእሰይ ምሕር ከም ዝጥርጥር ገይሩኒ ኣሎ። ሓሳባት ከውርድን ከደይብን፡ ዝተፈላለየ ኵርነዓት ክፍትሽ እዛ ለይቲ ንርእሳ ክትብል ወጊሓ። ኣብ ምውግሐ ድማ “ብዝኾነ ምኽንያት ካባይ እንተ ተፈልዩ እንታይ ይስመዓኒ ይኸውን?” ትብል ሓሳብ ብልጭ ክትብለንን ቅዝሕ ዝብል ፍርሒ ናብ ምሉእ ኣካላተይ ክወረንን ሓደ ኮይኑ። ሓቂ ንምዝራብ፡ ከምዚ ክኸውን ኣዝየ ዘይቅበሎ ኵነት እዩ። ግዜኡ ዘብቅዐ ምሕዝነት ናብ መደምደምታኡ ክበጽሕ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን ንዓይ። ከምዚ ገይሩ ግን ኣየርዓደንን። ብ‘እንተ’ ከምዚ ዝኹንኩ፡ ኣይግበሮ እምበር እንተ ኣጋጢሙስ ክውንነተይ ንኽቐርጾ’ኳ ኣሸጊርኒ ኣሎ። ርእሰይ ንየማንን ጸጋምን ነዛንዚ ነቲ ዝርዓደኒ ሓሳብ ነጊፈ ከውጽኦ ፈቲነ። ሓንሳብ ዝወረረኒ ፍርሒ ግን ክሳዕ ሕጂ ደኣ ምሳይ እነሀለ። መመሊሰ ነብሰይ ክጥርጥር ከኣ ተገዲደ ኣለኹ። ብሰንኪ’ዚ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎኒ ፍትወት ኣበይ ከም ዝምደብ ርግጸኛ ኰይነ ክምልስ ተሸጊረ ኣለኹ።

ዳየረይ፡ ኣበይ ዝጸንሐ ስምዒት’ዩ እዚ? እንታይ ኰይነ’የ ከምዚ ኢለ ዝጠራጠር ዘለኹ? ሲኩ ሓቑ’ዩ ማለት ድዩ? ክሳብ ክንድ’ዚ ድየ ንነብሰይ ዘይፈልጣ? ዳየረይ፡ ኣእምሮይ ብሓሳባት ተወጢሩ ክትኩስ ደልዩ እናረኣኺ እባ በጃኺ ሰቕ ኣይትበሊ። በጃኺ ንሎሚ ልሳን ኣውጺእኪ ገለ በልኒ።

ኣስቴር የማነ

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ንጀይ ኩክን ታንያ ኩይለንቦርግን መን ቀተሎም

ኣብ 1987 ካናዳውያን መጻምድቲ ጀይ ሮላንድ ኩክን ታንያ ቫን ኩይለንቦርግ ናብ ሲያትል-ኣመሪካ እናተጓዓዙ ከለዉ እዮም ተቐቲሎም።

እዞም ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ከለዉ ሌላኦም ዝጀመረ መጻምድቲ ን6 ኣዋርሕ ዝቐጸለ ፍቕራዊ ዝምድና ነይሩዎም። ኣብ ሕዳር 1987፡ ሮላንድ ናይ ኣቦኡ ንግዳዊ ንጥፈታት ንምስላጥ ምስ ኣፍቃሪቱ ኣብ ሰዓታት ለይቲ እዩ ጉዕዞ ናብ ሲያትል ጀሚሮም። ንብዙሓት ከተማታት ኣመሪካ ሓሊፎም ኣብ ሓንቲ ከተማ ኑዳዲ ንምምሳእ ደው በሉ።

ስድራ ቤት እዞም መጻምድቲ ኣብ ዝበልዎ ዕለት ማለት ንጽባሒቱ ዘይምምላሶምን ዝኾነ ደሃይ ዘይምግባሮምን ክሻቐሉ ጀመሩ። ንጽባሒቱ 20 ሕዳር ድማ ኣብ ፖሊስ ቀሪቦም ከም ዝጠፍኡ ኣመልከቱ።

ኣብ 24 ሕዳር ሬሳ ታንያ ቫን ኩይለንቦርግ ኣብ ደረት ጽርግያ ኣልገር ትብሃል ገጠር ተረኽበ። ንሳ ተዓማጺ ብፕላስቲክ ተሸፊና፡ ኣብ ርእሳ ድማ ብጥይት ተሃሪማ ነበረት። መርመርቲ ገበኑ ንሮላንድ ገበኛ ክኸውን ከም ዝኸኣል ጠርጠሩ። ስድራ ክልቲኦም ግና፡ ነዚ ሓሳብ'ዚ ምሉእ ብምሉእ ነጺጎም።





ኣብ 25 ሕዳር፡ መፍትሕን ቦርሳን ታንያ ኣብ ከባቢ እቲ ሬሳኣ ዝተረኽበሉ ቦታ ተረኽበ። እታ ዝጉዓዝሉ ዝነበሩ ማኪና ድማ ቀሩብ ርሒቓ ተረኺባትና። ኣብ ውሽጢ እታ ማኪና ድማ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሬሳ ቫንያ ዝተረኽበ ፕላስቲክ መጠቕለሊን ፕላስቲካዊ ሻንጣን ተረኽበ። እንተኾነ ኩሉ ንብረት ታንያ ክርከብ ከሎ፡ እታ ካብ ኢዳ ዘይትፈልያ ካሜራኣ ግና ክትርከብ ኣይከኣለትን።

ኣብ 26 ሕዳር፡ ሬሳ ጀይ ሮላንድ ካብቲ ሬሳ ታንያ ዝተረኽበሉ 60 ማይልስ ርሒቑ ተረኽበ፡ ጀይ ብማሕነቕትን ብማህረምትን እምንን ከም ዝሞተ ክረጋገጽ ከኣለ።

ገበኛ ንኽሉ ኣረማዊ ተግባራቱ ክጽፍም ከሎ ፕላስቲካዊ ሻንጢ ተጠቒሙ እዩ ፈጺምዎ። ኣብ ሲያትል መርማሪ ገበን ዝኾነ ሮበርት ጊቦ "ገበኛ እዚ ተግባር ክፍጽም ከሎ ሻንጢ ስለ ዝተጠቐመ 'ብዝኾነ መዳይ ኣይርከበን እየ' ኢሉ ብምሕሳብ ብርእሱ ምትእምማን እዩ ፈጺምዎ" ይብል።

ፖሊስ ካብታ ማኪና ዲኤንኤ ክረኽቡ ፈቲኖም እዮም፡ ክዕወቱ ግና ኣይከኣሉን። መርመርቲ እቶም መጻምድቲ ኑቲ ቐታሊ ኣብ መንገዲ ከም ዝተማልእዎ ሽዑ ንኽልቲኦም ከም ዝቐተሎም ክግምቱ ከኣሉ።

ድሕሪ ቕትለት ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ክልቲኦም ስድራ ግዳያት፡ ንቕትለት ዝምልከት ዝተጻሕፈ ደብዳቤታት ክቕበሉ ጀመሩ። እቲ ደብዳቤታት ናይ ሲያትልን ሎብ ኣንጀለስን ቴምብር ነበሮ። ኩሎም ድማ ብሓደ ሰብ ዝተጻሕፉ ነበሩ።

ኣብ 2010፡ ጸሓፊ ናይ'ቶም ደብዳቤታት ከም ዝተረኽበ ተገልጸ። ንሱ ወዲ 78 ዓመት ሰብኣይ ኮይኑ፡ ብማዘያውነት ኣብ ካናዳ ዝነብር ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎ እዩ። ፖሊሱ ንሱ ቀታሊ ከም ዘይኮነ ምስቲ ገበን ዝኾነ ምትሕሓዝ ከም ዘይብሉን ኣረጋገጹ።

ኣብ 11 ሚያዝያ 2018፡ ፓራቦን ናኖላብስ ዝተባህለ ሰብ ኣብ ስረ ታንያ ብዝረኸቦ ዘርኢ ወዲተባዕታይ ተጠቒሙ 'ፌኖታይፒን' ብዝተባህለ ቴክኖሎጂ ተሓጊዙ ምስሊ ናይ ሓደ ሰብ ብምስኣል ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዘርገሐ። ብዓበኡ ኑቲ ጉዳይ'ውን ፓራቦን እዩ ዘኪታትሎ ነይሩ።

ኣብ 18 ግንቦት 2018፡ ዊልያም ኣርል ታልቦት ብቕትለት እዞም ክልተ መጻምድቲ ገበኛ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ንሕልፈት ተፈርደ። ንሱ፡ እዞም መጻምድቲ ኣብ ጉዕዞ ከለዉ ብሸጉጥ ኣፈራሪሑ ደው ድሕሪ ምባል፡ መጀመርታ ንጀይ ኩክ ብእምኒ ሃሪሙን ሓኒቑን ድሕሪ ምቕታል፡ ቀጺሉ ድማ ንታንያ ካብቲ ከባቢ ቀሩብ ኣርሒቑ ድሕሪ ምዕማጹ፡ ኣብ ርእሳ ተኩሱ ከም ዝቐተላ ተናዘዘ። እቶም ን31 ዓመታት ቀቲልቲ ደቆም ብዘይምርካቦም ድቃስ ስኢኖም ዝነበሩ ስድራ ድማ እፎይታ ረኸቡ።

## ክገርመኩም - ጽቡቕ እንክጽየቕ

ሺሃብ ኣርኣያ

ሃንግ ሚዮኮ ወልፊ መሪፍእ ሰለኮን ዝሓዘ ኮርያዊት መንእሰይ እያ። ጓል 28 ዓመት እንከላ ንገጻ ብመርፍእ ሰለኮን ምንፋሕ ምስ ጀመረት፡ ኣብ ሓጺር ግዜ እዚ ተግባር'ዚ ካብኡ ክትወጽእ ናብ ዘይትኽእለሉ ወልፊ'ዩ የእትዩዋ።

ንነውሕ ዝጸለ ግዜ ንገጻ ብዚ መሪፍእ ድሕሪ ምንፋሓ ከኣ ሓኪይም ተወሲኺ መሪፍእ ክህብዋ ፍቓደኛታት ብዘይምንባሮም፡ ሃንግ ኣብ ክንዲ ንምኽሪቶም ሓኪይም ብምእማን እዚ ተግባር እተቋርጽ፡ ካብ ጸለም ዕዳጋ ጥርሙዝ ሰለኮን ብምዕዳግ ባዕላ ገጻ ብምውጋእ ክትነፍሖ ጀሚራ። እዚ ከይኣኽለ ንገጻ ብዘይቲ መግቢ ክትነፍሖ ምስ ጀመረት፡ ገጻን ክሳዳን ብኣዝዩ ዘሰንብድ መንገዲ ክንፋሕ ብምጅማሩ፡ ስድራኣን መቐርባን ክሳብ ኣብ ምግጋያ በጺሖም።

ዛንታ ሃንግ ኣብ ማዕከናት ሚድያ ምስ ተዘርገሐ፡ ብዙሓት ኮርያውያን ምስኣ ብምድንጋጽ፡ ኣሽሓት ዶላራት ወፊያምላ'የም። እንተኾነ ግና፡ ዋላ'ኳ ኑቲ ኣብ ክሳዳን ገጻን ዝነበረ ዝተነፍሐ ፈሳሲ ንምውጻእ ዝተፈላለዩ መጥባሕቲታት እንተተገበረት፡ ብዙሕ ለውጢ ክተምጽእ ኣይከኣለትን። ጓል 48 ዓመት ዘላ ሃንግ ዝነበረ መልክዓ ኣብ ምምላስ ይትረፍ፡ ንሰብ ክትመስል'ውን ኣይከኣለትን ዘላ።

ኢጣልያዊት ሚካኤላ ሮማኒ፡ ኣብ 2011፡ ወይዘሪት ጽባቐ ከተማ ቦሎኛ ኰይና ዝነበረት'ያ። "ክናፍሪይ ጸቡቓት ስለ ዘይኮና፡ ክየዝዘፈን ኣለዋ" ካብ ዝብል ሓሳብ ተበጊሳ ግና፡ መጥባሕቲ ምንፋሕ ከንፈር ክተካይድ ጀሚራ።

ካብ ምሕር ምብዛሕ መጥባሕቲታትን ምንፋሕ ከናፍርን ግና፡ ናብ ምርኣዩ ዘሰንብድ ትርኢት'ያ ተለዊጣ።





| ሎሚ ኣብ ER-TV | |
|---|---|
| ሰዓት | መደብ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ገሉብ ደሓን |
| 14:30 | ፍረ-ጻዕሪ |
| 14:55 | ህርመት |
| 16:25 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ቁላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ቃለ-መሕትት ምስ ዳይረክተር ፊልም ማስተንክር |

## ጽምብል መበለት ኣብ ቀቢላ ኢግቦ

እዚ ጽምብል'ዚ ኣብዘን ሰብኣየን ዝሞተን ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ናይጀርያ ዝርከብ ቀቢላ ኢግቦ ዝነብራወን ኢኑን፡ ኣናምብራ፡ ኣቢያ፡ ኢብዩኒ ከምኡ'ውን ኢሞ ዝበሃላ ክልላት እዩ ዝፍጸም። እዚ ልምዲ'ዚ ድሕሪ ልምዲ ኮይኑ ወላ'ኳ ንምውጋዱ ክሳብ ሎሚ ጸዑቕ ስራሕ ይሰራሕ እንተ ሃለወ ኣዕጋቢ ውጽኢት ግና ክርከብ ኣይተኻእለን። ደቂ ኣንስትዮ ኢግቦ በዚ ነገር ሕጉሳት ኣይኮናን። ገለ ካብቲ ኣብ ኢግቦ ደቂ ኣንስትዮ ሰብኡተን ምስ ሞቱ ክገብርኦ ዝግደዳ ነገራት ንምጥቃስ፦



መጀመርታ እቲ ሬሳ ዝተሓጽበሉ ማይ ብዓልቲ ቤት መዋቲ ክትሰትዮ ትግደድ።

ጸጉራ ትላጸ፡ ኣብ ዝተሰበረ ብያቲ ትምጉብ ከምኡ'ውን ንገለ ሳምንቲ ዓይኒ ምድሪ ክትጥትቀም ኣይፍቀዳን።

እታ መበለት ወዲ ወላድ እንተ ዘይብላ፡ ንብረት ብዓል ቤታ ኣዝማዱ እዮም ዝወርስዎ።

ኣብዚ ቀቢላ ድሕሪ ሞት ሰብኣያ ጸቡቕ ህይወት ኣይትመርሕን እያ። ቤተሰብ ሰብኣያ ኣይኮነንዶ ክሕግዝዋስ ጸቡቕ ገጽ'ውን ኣየርእዩዋን እዮም። ብሰንኪ'ዚ ድማ ብዙሓት ኣዴታት ናብ ጸቕጥን ጭንቀትን የምርሓ።

### ኣጋጣሚ ዶ ትብልዎ

ዊል ፍሬዘር ዝጸዋዕ ብቢክተርያ ከይመውት ክቱር ፍርሂ ዝነበሮ ኣመሪካዊ እዩ። ኣብ ኣእምሮኡ ዝነበረ ፍርሂ ዕረፍቲ ስለዝኸልኦ፡ "ብቢክተርያታት ተሳቒየ ካብ ዝመውት፡ ኑብሰይ ምጥፋእ ይሕሽኒ" ብምባል፡ ሽጉጡ ናብ ርእሱ ብምቕናዕ ጥይት ይትኩስ። እንተኾኑ፡ እታ ጭልፍ ጥራይ ኣቢላቶ ዝሓለፈት ጥይት ኣብ ክንዲ እትቐትሎ፡ ኑቲ ኣብ ርእሱ ዝነበረ ፍርሂ ቢክተርያ እያ ቀቲላ። ብድሕሪ'ዛ ፍጻመ ከኣ ንልዕሊ 40 ዓመታት ብዘይ ፍርሂ ቢክተርያ - ቅሱን ህይወት ክመርሕ ከም ዝኸኣለ ይግለጽ።

# ጸጋታት ባሕሪ

## ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ

ተ'ኽለ መንግስቱ

ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ገለ ካብ መጥባወቲ እንስሳታት ባሕሪ ኮይናም ምስኦም ኣሰናን ዘይብሎም ዓሌታት ዓሳ ነባሪ ዝምደቡ እዮም። እዞም ህይወታውያን ምስኦም ብክልተ ረጋ ዝቖሙ መኸባዕቲ መሰል ኣካል (baleen) ዘለዎም ጉጅለ ዓሳ ነባሪ ይምደቡ። እዚ ኣካል'ዚ ድማ ካብቲ ኣብ ኣካሎም ዝኣቱ ማይ ብዓይኒ ዘይርኣዩ ደቀቕቲ እንስሳታት ጸሚቖ ብምእካቡ ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ እዞም እንስሳታት ዐዙዝ ተራ ዝጻወት ኣካል'ዩ። ብሓፈሻዊ ኣጸዋውዓ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ባሊን ዓሳ ነባሪ (baleen whales) ተባሂሎም'ውን ይጽውዑ'ዮም። ብህይወት ካብ ዘለዉ ፍጡራት ናይ'ዛ ምድሪ ብዓበይም ይኹን ክብደቶም መዳርግቲ ዘይብሎም፡ ብማእከላይ ገምጋም ካብ 150 ክሳብ 200 ቶን ዝበጽሕ ክብደት ኣለዎም።

ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ብሰንኪ'ቲ ዘለዎም ግዝፊ ብምሉእ ኣካሎም ክንቀሳቐሱ ዘሸግሮም ማዕከናት ኣካሉ ብምቁርራጽ ንኽንቀሳቐሱ ትግደድ። እዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ንምምጣት ሓቀኛ ሚዛን ክብደቶም ካብ'ቲ ሓቀኛ ሚዛኖም ክምዝጎድል ይገብር። ምኽንያቱ ደምን ካልእ ፈሳሳትን ናይዞም እንስሳታት ኣብ ሚዛን ክብደቶም ስለ ዘይድመር።

ብዙሓት ኣካላት ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ብሰንኪ ዘለዎም ግዝፊ፡ ካብ'ቶም ዝዘዘዉ ካልኦት እንስሳታት ምፍላዮም ይሕበሩ። ብማእከላይ ገምጋም ካብ 2.7 ክሳብ 3 ቶን ዝምዝን መልሓስ ክህልዎም እንከሎ፡ ኣፎም ምሉእ ብምሉእ ኣብ ዝኽፈተሉ እዋን ድማ ክሳብ 99 ቶን መግብን ማይን ብሓንሳብ ክኽዝኑ ይኽእሉ። እንተኾነ ብኣንጻር ሰፊሓት ኣፎም፡ ብዘለዎም ጸቢብ ዓቕን ጎረሮ እዞም እንስሳታት ወላ'ውን ንእሽቶ ኳዕሶ ክውሕጡ ኣይክእሉን። ብማእከላይ ገምጋም 180 ኪ.ግም ክብደቱን 1.8 ሜተር ዝግፍሑ ልቢን ኣሰታት 23 ሴ.ሜ. ሰንጣቒት ዘለዎ ኣኦርታ ሰራውር ደምን ኣለዎም። ከምኡ'ውን ሳንቡእ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ክሳብ 5 ሽሕ ሊትሮ ኣየር ክሕዝ እንከሎ ንውሓት ሽክና ርእሶም ድማ ክሳብ 5.8 ሜተር ይበጽሕ።

ብዘወሳኺ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ካብ ኩሎም ብህይወት ዘለዉ ፍጡራት ናይ'ዛ ምድሪ ዝዓበየን ከምኡ'ውን ካብ ናይ ኩሎም እንስሳታት ብንውሓቱ ኣብ መዝገብ ክብረወሰን ዓለም ዝሰፈረን መትሎ ኣለዎም። ንውሓቱ ካብ ሓደ ዓሳ ነባሪ ናብ ካልእ ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ብማእከላይ ገምጋም ካብ 2.4 ክሳብ 3 ሜተር ይበጽሕ። ብኣንጻር'ዚ እዞም ህይወታውያን ምስ ግዝፎም ክጻጸር እንከሎ ብዘተኣማምኒ ንእሽቶ ሓንጎል ኣለዎም። 6.92 ኪ.ግም ዝምዝን ኮይኑ ኣሰታት 0.007% ክብደት ናይ ምሉእ ኣካሎም ድማ ይሽፍን።

ዓሳ ነባሪ ነዊሕን ሸልቋቕ ዝበለን ቅርጺ ኣካላትን ከምኡ ድማ ላዕለዋይ ክፋል ኣካሎም ናብ ሰማያዊ ዝዘዘወ ሓሙኽሽታይ ሕብሪ ክህልዎም እንከሎ፡ ታሕተዋይ ክፋል ኣካሎም ድማ ብርህ ዝበለ ጻዕዳ ሕብሪ ይሕዝ። ኣዝዩ ጸፊሕን ጫማ ፈረስ ቅርጺ ዘለዎ ርእሰን ካብ'ቲ ቀዳድ ነጸጊ ኣካሎም ዝበለጸ ክሳብ ጫፍ ላዕለዋይ ሻንፈቶም ዝበጽሕ ጥርዚን ኣለዎም። ቀዳማይ ክፋል ኣፎም ቡቲ ካብ ላዕለዋይ ምንጋጋ ተንጠልጢሉ ንክቡቢ ፍርቂ ሜትሮ ናብ ጎረሮኦም ተዘርጊሑ ዳግማይ ናብ ኣፎም ዝዕጸፍ፡ ኣሰታት 300 ጻፍሒቲ ብዮቲ መሰል ዝሓዘ፡ ነፍሲ-ወከፉ ድማ ሓደ ሜተር ዝቑመቱ መኸባዕቲ ዝመልኦ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ካብ ጎረሮኦም ተበጊሱ ኣብ ምሉእ ኣካሎም ዝዝርጋሕ ብሕርን ሕርን ዝቖመ ካብ 70 ክሳብ 118 ዝበጽሕ ሸንኸን ስለ ዘለዎም ድማ ተወርዊርም ኣብ ዝምገብሉ ግዜ ብዙሓ ማይ ካብ ኣፎም ንኽወጽእ ይሕግዞም።

ምስ ናይ ካልኦት ዓሌታት ዓሳ ነባሪ ክወዳደር እንከሎ ኣዝዩ ንእሽቶ ብማእከላይ ገምጋም 28 ሴ.ሜ ዝበጽሕ ዳሕረዋይ ክንፊ ኣሎዎም። እዚ ክንፊ ኣብ ሰለስተ ርብዒ ዳሕረዋይ ወገን ንውሓት ኣካሎም ዝርከብ ኮይኑ ብቐረባ ርሒቀት ብተደጋጋሚ ንቑታ ብዘይምኽያድ ብንጹር ክረአ ዘይክእል፡ ቅርጹ ድማ ካብ ሓደ ዓሳ ነባሪ ናብ ካልእ ዝፈላለየ'ዩ። ንገለ ንጹር ቅርጺ ማዕጺድ ዝመስል ዳሕረዋይ ክንፊ ክህልዎም እንከሎ ናይ ገለ ድማ ድርዳር (ሕበጥ) ዝመስል ቅርጺ ኣለዎ።

ንውሓት መቐዘፊ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ካብ 3 ክሳብ 4 ሜትሮ ዝበጽሕ ኮይኑ ላዕላዋይ ክፋሉ፡ ብዘይካ'ተን ኣብ ወሰናስን ዝርከባ ጸዓዱ ሽራጥ ሓሙኽሽታይ ኮይኑ ታሕተዋይ ክፍሉ ድማ ጻዕዳ ሕብሪ ይሕዝ። ርእሶምን ጨናፍር ጭራኦምን ግን ንጹር ሓሙኽሽታይ ሕብሪ ኣለዎ። ፍጥነት ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ብማእከላይ ገምጋም 20 ኪ.ሜ. ኣብ ሰዓት'ኳ እንተኾነ ምስ ካልኦት ዓሳ ነባሪ ኣብ ዝተሃላለኸሉ ግዜ ግን ክሳብ 50 ኪ.ሜ. ኣብ ሰዓት ክውንጨፉ ይኽእሉ። ኣብ ዝምገብሉ እዋን ከኣ ፍጥነቶም ናብ 5 ኪ.ሜ. ኣብ ሰዓት ይጎድል።

እዞም ህይወታውያን ከም ኩሎም ማያውያን መጥባወቲ ንብየ ባሕርን ብፋይ ዘይተኡ ብሳንቡእ እዮም ዝስተንፋሱ። ኣብ ልዕሊ ኣፎም ከም ናይ ኣቡሰላማ ብናስትሪል ዝጽዋዕ ኣፍንጫ'ኳ እንተለዎም ንምስትንፋስ ዘየገልግል ሰማዊ ኣፍንጫ'ዩ። እንተኾነ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ርእሶም ኣብ ናይ ምስትንፋስ ንጥፈታት ዝዋሰኡ ነጸጊ ኣካላት ዝበሃሉ ክልተ ቀዳታት ኣለዎም።

ሓንሳብ ናብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ማይ ብምቕልቃል ኣየር ድሕሪ ምስሓቡ ንኣሰታት 21 ደቓይቕ ኣብ ውሽጢ ማይ ይጸንሑ'ሞ ዳግማይ ናብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ማይ ብምምላስ በቶም ኣብ ርእሶም ዝርከቡ ነጸጊ ኣካሎም ብዙሕ ዘለዎ ማይ ንላዕሊ ብምንጻግ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ምስኡ ከምዝወጽእ ብምግባር ኦክሲጅን ስሒቦም ዳግማይ ይንቆቱ። እዞም ህይወታውያን ኣብ ኩሉ ንጥፈታቶም ኣፎም ስለ ዘይዓጽዉ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ማይ ብቐጻሊ ናብ ውሽጢ ኣካሎም ይኣቱ። ምስ'ዚ ማይ ድማ ብዙሓት ዓሳታት ናብ ኣፎም ይኣትዉ'ሞ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ንጉዳም ኣብ ዘውጽኡሉ ግዜ ምስ'ቲ ማይ ንላዕሊ ብምንጻግ ናብ ኣየር ይተፍእዎም።

ኣብ ግዜ ምስትንፋስ ነቲ ቀዳድ ነጸጊ ኣካሎምን መጽለዎምን ካብ ኩሎም ዝፍቲ እንስሳታት ማያዊ ኣካላት፡ ብፍሉይ ካብ ጸፍሒ ማይ ንተወሰነ ርሒቀት ንላዕሊ ሓፍ ብምባል ብሓንቲ መሽረብ ንላዕሊ ትኒን ብምባል ካብ 9 ክሳብ 12 ሜትሮ ዝውንጨፍ ማይ ክጸጉ ይኽእሉ። ብዙሓት ተኸታተልቲ ዓሳ ነባሪ ድማ እዚ ባህሪ'ዚ ካብ ዓሌት ናብ ዓሌት መፍለዪ ይጥቀምሉ። ብተወሳኺ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ኣብ ዝንቆቱሉ እዋን ጨናፍር ጭራኦም ንላዕሊ ጠል የብልዎ።

ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ብዓይኒ ዘይርኣዩ ደቀቕቲ እንስሳታት (zooplankton) ካብ ማይ ብምዝዛቕ ዝምገቡ ኮይኖም



ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ምስ ምራኻ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ማይ ኣየር እናስሓበት

እዚ ቁጽሪ'ዚ ድማ ኣብ'ቶም ከምኡ ዝኣመሰሉ ካብ ማይ ደቀቕቲ ህይወታውያን ብምዝዛቕ ዝምገቡ ካልኦት ዓሌታት ዓሳ ነባሪ ዘይዝውተር



ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ብጸጊ ኣካሉ ማይ ናብ ኣየር እናነጸገ

ዝምገብዎም ዓሌት እንስሳታት ግን ካብ ሓደ ማያዊ ኣካል ናብ ካልእ ማይያዊ ኣካል ይፈላለዩ እዮም። መዓልታዊ ብማእከላይ ገምጋም ክሳብ 3.6 ቶን ዝበጽሕ መግቢ ክምገቡ ይኽእሉ። ሓደ እኹል ዓሳ ነባሪ መዓልታዊ ክሳብ 1.5 ሚልዮን ኪሎ ካሎሪ ዝኣክል ጸዓት የህልኾ። ባህርያት ኣመጋግባኦም ወቕታዊ ኮይኑ፡ ቅድሚ ናብ'ቲ ኣብ ከባቢ ቅናት ምድሪ ዝርከብ ዝራብሓሉን ውሑድ ምንጪ መግቦም ዝርከቦን ወዑይ ማያዊ ኣካል ምስጋሞም፡ ኣብ'ቲ ምንጪ መግቦም ዝኾኑ ብክረል ዝጽውዑ ደቀቕቲ እንስሳታት ባሕሪ ሃብታም ዝኾነ ዞባ ደብባዊ ዋልታ ብጾዕቂ ክምገቡ ደርእዩ።

እዞም ህይወታውያን ካብ'ቲ ዝምገብዎ መግቢ 90 ሰሕፊ ዝያዳ'ቲ ዘህልኽዎ ጸዓት ዝረኽቡ ብምኳኖም ልዑል ጸዓት ክኽዝኑ ይሕግዞም። እቶም ዝምገብዎም ህይወታውያን ተንቀሳቐስቲ ብምኳኖም ድማ ኣብ ግዜ ቀትሪ ካብ 100 ሜተር ንላዕሊ ዕምቆት ኣብ ዘለዎ ከባቢ ክምገቡ እንከለዉ፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ግን ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ማይ ይምገቡ። ክሳዕ 21 ደቓይቕ ኣብ ውሽጢ ማይ ክንቆቱ ዝኽእሉ'ኳ እንተኾኑ ኣብ ዝምገብሉ እዋን ግን ንኣሰታት 10 ደቓይቕ ጥራይ ይጸንሑ።

ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ዝበዝሕ እዋን ብውልቂ ወይ ብጽምዲ ይነብሩ። ብጽምዲ ኣብ ዝነብሩሉ ግዜ ግን ክሳዕ ክንደይ እዋን ብጽምዲ ይጐዓዙ ንጹር ኣይኮነን። ንሶም ዝምገብዎም ህይወታውያን ብጾዕቂ ኣብ ዝርከቡሉ ከባቢ ግን ክሳብ 50 ዝበጽሑ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ኣብ ወሰኑን ቦታ ትእከቡ።

ተርእዮ እዩ።

ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ብዙሓ ኣገባብ ወሰቦምን ዝራብሕሉ ቦታን ዓሚቕ ሓበሬታ'ኳ እንተዘይ ሃለወ፡ ወቕቲ ወሲብ ግን ድሕሪ መፋርቕ ቀወዒ ዝጅምር ኮይኑ ክሳብ መውዳእታ ሓጋይ ይቕጽል። ግዜ ጥንሲ እዘን እንስሳታት ካብ 10 ክሳዕ 13 ኣዋርሕ ዝበጽሕ ኮይኑ፡ ኣብ ነብሲ ወከፍ 2 ወይ 3 ዓመታት ድማ ይወልዳ። ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ካብ 5 ክሳዕ 10 ዓመት ዕድሚኦም ንጾታዊ ርክብ ብቑዓት ይኾኑ።

ብተይ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ክውለድ እንከሎ ኣሰታት 2.8 ቶን ክብደትን ከባቢ 7 ሜትሮ ንውሓትን ኣለዎ። መዓልታዊ ድማ ካብ 380 ክሳብ 570 ሊትሮ ዝበጽሕ ጸባ ክጠቡ ይኽእል። ካብ ሓንቲ ግራም ጸባ ከኣ ክሳብ 4,370 ኪሎ ካሎሪ ዝበጽሕ ጸዓት ይረኽቡ። ቅልጡፍ ዕብየት ብምርኣይ'ውን ኣብ ነብሲ ወከፍ 24 ሰዓት ብገምጋም ኣሰታት 90 ኪ.ግ ክብደት ብምውሳኽ ኣብ ኣሰታት 6 ኣዋርሕ ዕድሚኡ ጡብ ኣደኡ ዝሓድገሉ ኮይኑ ንውሓቱ ድማ ብዕጽፊ ይውስኽ። ገምጋም ዕድመኦም ከኣ ኣሰታት 80 ዓመት ይበጽሕ።

እዞም እንስሳታት ክሳዕ መጀመርያ 20 ክፍለ ዘመን ኣብ መብዛሕትኡ ማያዊ ኣካላት ዓለም ብብዝሒ ይርከቡ'ኳ እንተነበሩ፡ ድሕሪ'ዚ ኣብ ዝሰዓበ ልዕሊ ሓደ ዘመን ግን ብደቂ-ሰብ ኣብ ልዕሊ'ዞም ህይወታውያን ብዝተፈጸመ ናብ ምጽናት ዝበጽሕ ሰፊሕ ሃድን፡ ቁጽሮም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ መጺኡ። ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብዓለም ደረጃ ምስኦም ኣብ ናይ ምጽናት ሓደጋ ዝርከቡ ህይወታውያን ተመዝጊቦም ይርከቡ።



ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ ናይ ምስትንፋስ ነጸጊ ኣካሉ ካብ ጸፍሒ ማይ ብምልዓሉ ምስ ወጸ

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ዓንሰባ - ካብ ህጡር ክራማት ናብ ርህው ቀውዒ

ገርጊስ ፍቓድ ድራር

ናይ ሎሚዘበን ክራማት ኣብ ዞባ ዓንሰባ፣ ዝናብ ኣዝመራ ኣዝዩ ትሑት ዓቐን ዚነበሮ ኮይኑ ብዕለት 13 መጋቢት ጀሚሩ ስለዝቐረጸ ዚጥቀስ ኣብርክቶ ኣይነበሮን። ቀጺሉ እቲ ልሙድ ዝናብ ክራማት ካብ 9 ሰነ እንተጀመረ ሓለፍዘለፍ ዚነበሮን ኣዝዩ ትሑትን ነይሩ። ወርሒ ሓምለ'ውን ብተመሳሳሊ ትሑት ስለዝነበረ ኣብቲ መጀመርያ እዋናት ናይ ዘርእን ማሕረስን መድረኽ፣ ንሓረስቶት ዘሰክፈ ተርእዮ ኣይ ተኸሲቱ ነይሩ። ይኹን'ምበር ድሒሩ ካብ ወርሒ ነሓሰ ክሳብ መጀመርያ ሰሙን ወርሒ መስከረም ብደረጃ ዞባ ምዕሩይ ዝርጋሐን ቀጻልነትን ዝነበሮ፣ ኣፅጋብን እኹልን ዝናብ ስለዝዘነበ ኩሉ ስክፍታታት ቀንጢጡ ንሓረስቶት ዘተባብዕን ዝኹሓስን ኣይ ኮይኑ። ብፍላይ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ መብዝሕቱ ከባቢታት ዞባ፣ ንኣስታት ክልተ ሰሙን ብዘይ ምቁራጽ፣ ኣብ ገለ ገለ እዋናት'ውን ኣብ ውሽጢ ሓንቲ መዓልቲ ክልተ ሰለስተ እዋናት ወይ'ውን ንዋዒሕ ሰዓታት ጀሊም እናበለ ብምዝናብ ንሕርሻን ንምስሳን ሳዕሪ መሮርን ኣግራብን ዘተባብዕ ኩነታት ኣይ ተራእዩ። መብዝሕትኡም ናይ ዕድመ ሰብጺጋ ወለዲ ናይ እዋን ንእስነቶም "ቅድሚ 50 – 60 ዓመታት



ኣቶ ጀምዕ ዓምር ንሱር

ዝነበረ ክራማት ሰናይ ዘበን ዘዮናኽር ኢዩ" ብምባል ምስቲ ኣብ ሃገርና ተኸሲቱ ዘሎ ህልው ኩነታት ሰላምን ተስፋ ብሩህ መጻእን ብምዝጻር ብኣድናቖት ገሊጾሞ።

ዞባ ዓንሰባ ብጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኡ ኣብ ዝተፈላለየ ንኡሳን ዞባታት ከም ኩነታቱ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገርና ዘርከብ ኩነታት ኣየር ደጋ፣ ወይነ ደጋን ቆላን ዘጠቓለለ ኢዩ። በዚ መሰረት ገለ ክፋላት ንኡሳን ዞባታት ዓዲተከለዛ፣ ሓልሓልን ገሉብን ወይነደጋዊ ኩነታት ኣየር ከህልዎ ከሎ እቲ ዝተረፈ ንኡሳን ዞባታት ከኣ ወይኑደጋውን ሞቓርን ዚዓበለሎ ክሊማ ዘለዎ ኢዩ።

በዘየሙቱ ብዮዝባሪ ደረኣ ከምዝሎ ኣብዚ እዋን'ዚ፣ ወቕትን ኩነታትን ዝናብ ክራማት ሃገርና ከም ቀደሙ ስሩዕ ኣይኮነን። ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃ፣ ዞባን ዓለምን'ውን፣ ምስቲ በብእዋኑ ዚኸሰት ዘሎ ዓለማዊ ምልውዋጥ ክሊማ፣ ምምጻእ በረድ ሰሚናውን ደቡባውን ዋልታታት ዓለም፣ ወቅያኖሳዊ ህቡብኣዊ ንፋሳት፣ ምኽንያት ኤልኒኖን ኳልእን፣ ወቕትን ዝርጋሐን ዝናብ ክራማት ዝተዛብዐን ኣሰኮፍን እናኾነ ይኸይድ ከምዘሎ ብስነፍልጠታዊ

ጭብጥታት ዝተሰነየ ሓበሬታታት ሜትሮሎጂ የረድኡ። በዚ መሰረት ኣብ ገለ ዞባታት ዓለም መጠኑ ዚሓለፈ ዕልቕልቕ ከፈጥር ከሎ ኣብ



ገለኡ ከኣ ዘሰክሕክሕ ደርቂ ይኸስት ኣሎ።

እቲ ጺሒን ልሙድን ክራማት ሃገርና ከም ኩነታቱ እናቐደመን እናደሓረን ካብ መፋርቕ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ መስከረም ዘጸንሕ ኪኸውን ከሎ፣ እቲ ዕሙር ክረምቲ ዘብዝሖ ግን ንሰለስተ ኣዋርሕ ሰኔ፣ ሓምለን ነሓሰን ዘዘንብ ኢዩ። ኣብዚ ዚሓለፈ ዕቑድ ዝነበረ ኩነታት ዝናብ እንተኣነጻጸርና ብመጠን ዝናቡ ይኹን ዝርጋሐኡ ዚነኣድ ኣይነበረን። ብደረጃ ሃገርና ጥራሕ ዘይኮነ ብደረጃ ዞባ'ውን ነጺሉ ገለ ቦታታት ደሓን፣ ገለኡ ማእከላይ፣ ገለኡ ከኣ ብደርቂ ዚጥቃዕ ኮይኑ ኪሓልፍ ጸኒሑ። ኣብ ገለገለ ከባቢታት ከኣ ንሕርሻዊ ንጥፈታት ጥራሕ ዘይኮነስ ንሰብን ጥሪትን እኹል ዘስተ ማይ ኣብ ምርካብ ዘጸገመ'ውን ነይሩ። ምኽንያቱ ከም ወድዓውን ኣድማሳውን ክውንነት፣ ብደረጃ ዓለም ምንጪ ኩሉ ዝስተ ማይን ሕርሻዊ ልምዓትን ኣብ ኩነታት ዝናብ ክረምቲ'ዩ ዝምርኮሱ። እኹል ዝናብ ክራማት እንተዘይሃልዩ ሓጽብታትን ዲጋታትን ብዘይ ማይ ስለዝሓጉ፣ ምንጪ ማይ ዒላታት'ውን ስለዝደርቕ ዘመናዊ ማስኖኣዊ ሕርሻ ይኹን ንጥፈታት ባህላዊ ሕርሻ ኩሉ ይዕንቀጽ።

ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ጨ/ዞ/ዓንሰባ ከም ዝሕብሮ እቲ ኪጥቀስ ዚክኣል ክራማት ሎሚዘበን ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዘተኣማምንን ኣፅጋብን ዝናብ ምርካቡ ኢዩ። ብሓፈሻዊ ገምጋም ከረአ ከሎ ብደረጃ ዞባ ኣብ ምሉእ ክራማት ሎሚዘበን ጠቕላላ ድምር ዝለዓለ ዓቐን ዝናብ ዝተመዝገበሉ ን/ዞ/ሓጋዝ 670.9 ሚ/ሜ ኪኸውን ከሎ ድምር ዝተሓተ ዓቐን ዝናብ ከኣ ኣብ ን/ዞባ ሃብሮ - ንቕጣ ገለት ዝተመዝገበ 240.1 ሚ/ሜ ኢዩ። ብሓፈሻኡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፣ እቲ ዝርጋሐ ዝናብ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ከረአ ከሎ ክብገን ለጠቐን ዝበር ኮይኑ ኣብ ኩለን ግን ንምህርቲ ዘበጽሕ ብርክት ዝናብ ምንባሩ ተገምጊሙ። ኣብ ጨ/ሚ/ሕርሻ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊት ጨንፈር ልምዓት ቡቕለ ወ/ሮ ክብራ ጉብረመስቀል ሓረስቶት ዞባና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንቕሓቶም

እናዓበየ ይመጽእ ስለዘሎ ከም መርኣያ ናይዚ ድማ ብፍላይ ኣብ ግራውቲ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ንጥፈታት ምክያድ ፣

ምድኻዕ ግራውቲ ብየብሱ ድማ ኣብ ተጠቃምነት ምሩጽ ዘርኢ ዘተባብዕ ገስጋስ የርእዩ ከምዘለዉ ገሊጹ።

ዞባ ዓንሰባ ዝተፈላለየ ክሊማዊ ኣቃውማ ከቢኑ፣ ወይኑደጋን ቆላን ስለዘለዎ ዳርጋ መብዝሕቱ ኣብ ኩሉ ዞባታት ሃገርና ዚዝራእ ኣእካል፣ ጥረታትን ኣዝርእቲ ቅብኣን ይዝራእ። በዚ መሰረት ኣብ ናይ ሎሚዘበን ሕርሻ ግራውቲ፣ እቲ ዝበዝሐ ኣእካል ማለት ብልቱግን መሸላን 47,638 ሄክታር፣ ኣዝርእቲ ጥረታት 5,677፣ ኣዝርእቲ ቅብኣ 483 ሄክታር፣ ብድምር ብደረጃ ዞባ 58,145 ሄክታር መሬት ተሓሪሱ፣ እቲ ዝቐደመ ከም ብልቱግን ፉልን ገለኡ ኣብ ቆፎኡ በጺሑ እቲ ዝበዝሐ ከኣ ኣብ ምብቃዕን ምእካብ ምህርትን በጺሑ ይርከብ። ዞባ ዓንሰባ ብደረጃ ሃገር ብፍሉይነት ዘልልየሉ ምህርቲ ካብ ኣዝርእቲ ቅብኣ ፍርያት ፉል ኮይኑ ዝበዝሐ ኣብ ን/ዞባ ሓመልማሎ፣ ብመጠኑ ኣብ ን/ዞባ ሓጋዝ ብውሑድ ዓቐን ከኣ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሃብሮ፣ ከረንን ዒላበርዕድን ተዘሪኡ ኣሎ። ሓዳሽ ምህርቲ ፉል ድሮ ብዝበዝሐ ንዕዳጋታት ወሪዱ ካብቲ ዓሚ ዝነበሮ ክብሪ ዋጋ ብፍርቂ ጉዲሉ ንዕዳጋታት ኣረጋጊኡ ስለዘሎ፣ ኣብቲ ካልእ ኣዝርእቲ'ውን ተመሳሳሊ ማስተርሃት ኪፍጠር ትጽቢት ኣሎ።

ኣብዚ ቅንያት'ዚ ኣብ ግራውቶም ዝረኸብናዮም ሓረስቶት ዝተፈላለየ ምምሕዳር ከባቢታት ዞባ ዓንሰባ ብፍሕሽው ገጽን ምሉእ ርእሰምትእምማንን "ቀውዒ ሎሚዘበን ኣዝዩ ዘሐጕስ ኢዩ፣ ማሻላህ! ፍረ ጻዕርና ልዕሊ ትጽቢትናን ግምትናን ካዕቢቱ ካብ ዓውዲ ናብ ቆፎ ምብጻሕ ጥራሕ'ዩ ተሪፉና ዘሎ፣ ሰሰናዩ ይመልኣልና " ኢዮም ኢሎምና።

ኣብ ጨ/ሚ/ሕርሻ ዞባ ዓንሰባ ክኢላ ኣዝርእቲ ኣቶ ተስፋብርሃን ሓጎስ ንሓፈሻዊ ህልው ኩነታት ኣዝርእቲ ኪገልጽ ከሎ "ብፍላይ ኣብ ከቢታት ዞባና ዝዘርኡ ሰርናይን ሰዕምን ናይ ምድንጓይ ዝናብ ከምኡ'ውን ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዝዘበ ተደጋጋሚ ዝናብ ንዕበዩቱ ብኣሉታ ጸልዩዎ፣ ኣብ ደረጃ ምውላዱ ምስ በጽሐ'ውን ዝናብ ስለዝቐረጸ ጽልዋ'ኳ እንተሃለዎ ብሓፈሻ ዝሓሸ እቶት ክህሉዎም ትጽቢት ንገብር" ኢሉ። ንኩነታት ሰዋኣት



ዘራእቲ ብልቱግ ኣብ ከባቢ ሓሊብመንተል

ባልዓት ብዘምልከት'ውን ኣብዚ ዓመት'ዚ ተርእዮ ኣንበጣ ገረብ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሃብሮ፣ ኣሰማጥን ሓጋዝን'ኳ እንተነበረ፣ ኣብ ግዜኡ ብዝተወስደ ስጉምቲ ኣብ ዘራእቲ ዘውረዶ ጉድኣት ኣይነበረን። ይኹን'ምበር ካብ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ጀሚሩ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ተርእዮ ጋሸራ ኣሎ። ዘራእቲ ኣብ ምንቃጽም ዝተኸሰተ ብምዃኑ ግን ብዙሕ'ኳ ዘየሰክፍ እንተኾነ ነቲ ገና ደንጒዩ ዘሎ ዘራእቲ ግን ዓቢ ጉድኣት ከውርደሉ ስለዝኽእል ብወገን ሓረስቶት ግራውቶም ብጥቡቕ ክከታተሉን ዘዘኸቕጸ ብኣጋ ክእክቡን ከምዝዮቦእ ኣገንዚቡ።

ካብ ሓረስቶት ከባቢ መጋርሕ ምስ ኣቦኡ ስድራቤቱ ኣብ ምብቃዕ ብልቱግ ዝረኸብናዮ ኣቶ የውሃንስ ጊላይ ህዱድ ንኩነታት ቀውዕን ምህርትን ብዘምልከት "እቶት ሕርሻ ከም ጻዕርኻ'ዩ፣ ዝጸዓረ ይዕወት! ሎሚዘበን ከኣ ግራውትና ከምዚ ትርእዮ ዘሎኻ ኣዝዩ ዘሐጕስ ኢዩ፣ ንብልዖ ይግበረና" ኢሉ።

ኣብ ባህሪ ኩነታት ኣየርን ትሕዝቶ መሬትን በብእዋኑ ምቕይያራት እናተራእየ ይኸይድ ስለዘሎ፣ ሓረስቶት ሃገርና ምስቲ መንግስቲ ዚጉበረሎም ምንቅቓሕ፣ ስልጠናን ምትሕብባርን እናተሳላዩ፣ ካብ ልምዳዊ ሕርሻ እናተላቐቑ ምስ መድረኽ ዘጠልቦ ዘበናዊ ኣገባብ ኪሳለዩ ይግባእ። ካብ ማሕረስ ብኣብዑርን መጽዓኛን ተላቒቕካ ብትራክተር ምሕራስን ምጥቃም ምሩጽ ዘርእን ዘመዝግቦ ዘሎ ወጽኢት ብዮዝባሪ ኣብ ባይታ ደረአ ኣሎ። ይኹን'ምበር ኣብ ገለገለ ቦታታት ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ርሑቕ ገጠራት ገና ካብቲ ልምዳዊ ሕርሻ ዘይተገላገሉ ሓረስቶት

ብምዕሪቲ ጻዕሮም ዘምጽኦ ምህርቲ ከሓፍሱ ኣይክእሉን ኣለዉ።

ጸብጻብ ጨ/ልምዓት ብቕሊ ዞባ ዓንሰባ ከምዝሕብሮ ከም ወትሩ ንሓረስቶት ንምድጋፍ ዓመት መጸ ዚግበር፣ ሎሚዘበን'ውን ኣብ ምሕደራ ዘራእቲ፡ ኣገዳስነት ምሩጽ ዘርኢ፡ ኣገዳስነት ባህርያዊ ድኹዒ፡ ኣገዳስነት ባህርያዊ ጸረባልዕ... ወዘተ ዘተኮረ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ከምዝሃበ ይሕብር። ብተወሳኺ'ውን ምሩጽ ዘርኢ፡ ባህርያዊ ድኹዒን ባህርያዊ ጸረባልዕን ብናጻ ብምዕዳሉ ኣብ ዕቤት ምህርቶም ኣወንታዊ ወጽኢት ከም ዝተራእየ ተገምጊሙ።

ሓረስታይ ከባቢ ጀንገረን ኣቦና ጀምዕ ዓምር ንሱር ብወገኑ "ብሓፈሻኡ እቲ ኩነታት ሕርሻን ዝናብን ሎሚዘበን ጽቡቕ'ኳ እንተነበረ ብወገይ ግን እቲ ምሩጽ ዘርኢ ብልቱግ ብምባል ዝወሰድናዮ ከምቲ ትጽቢት ዝገበርናሉ ወጽኢታዊ ኣይኮነን። ስለዚ ኣቦላትን ክኢላታትን ሚ/ሕርሻ ብዕቱብ ኪግምግምዎን ሞያዊ ሓበሬታኦም ክህቡናን ኣገዳሲ ኢዩ" ኢሉ። ዝበዝሑ ሓረስቶት ግን እቲ ምሩጽ ዘርኢ ብልቱግ ካብቲ መበቆላዊ ዘርኢ ኣብ መቐረቱን ሕብሩን ፍልልይ'ኳ እንተሃለዎ ኣብ ምብርካት ምህርቲ ግን ኣዝዩ ወጽኢታዊ ምዃኑ ኢዮም ዝሕብሩ።

ሕርሻ ብምያውያን ክኢላታት ሕርሻን ሱፍልጠትን እንተዘይተሰነዩ ንዕቱ

ድኻም'ዩ ዝኸውን። እቲ ንዋዒሕ መዋእልን ወለዶታትን ክሕረስ ዘጸንሐ መሬት ሕርሻ፣ ምስ ምንዋሕ ግዜ እቲ ንምልማዕ ኣዝርእቲ ዘምችእ ማዕድናትን ባህርያዊ ትሕዝቶ ፍርያምነት ሓመድን እናዝሓየ ስለዚኸይድ ንጥፈታት ሕርሻ ንምቕጻል ይኹን ምህርቲ ንምኽዕባት ምኽሪ ክኢላታት ሕርሻ ኣገዳስነ ወሳኒን ኢዩ። ገለ ገለ ኣቦታት ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ኣብ ዚገብር ጻዕርን ተወፋይነትን ካብ ናይ ሎሚ ወለዶ ንላዕሊ ቀዳሞት ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ዝያዳ ንጡፋት ነይሮም ይብሉ። ይኹን'ምበር ብዝገዳስነትን ብዕቱብነትን እንተተሰራሕሉ እዚ መድረኽ'ዚ ብምስላጥያን ስፍልጠትን ዝሓሸ ዕድላት



ኣቶ የውሃንስ ጊላይ

ከምዘለዎ ከኣ ኣይክሕዱን።

ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን ከምዝምስክርዎ ኣብ ቀውዒ ሎሚዘበን፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ካብ ናይ ካልእ እዋን ዝሓሸን ኣፅጋብን ምህርቲ ክርከብ ትጽቢት ይግበር።

ኣብ ማሰርሕ ንጥፈታት ሕርሻ እቲ ዚኸበደን ዝያዳ ጻዕርን ዚሓትት ስራሕ እዋን ምህርቲ'ዩ - ወቕቲ ቀውዒ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ሎሚዘበን ክሳብ መፋርቕ ወርሒ



ዘራእቲ ማሽላ ኣብ ከባቢ ሓሊብመንተል

መስከረም ዚቕጽለ ዝተዛቐ ዝርጋሐን ዓቐንን ዘነበሮ ዝናብ ስለዘዘበ ሰኣን ሓንቲ -ማይ ሰኣን ክልተ ማይ ሃኑጉ ዘበዝሐ ስክፍታ የለን። ብኣንጻሩ ግን ብሰንኪ ምምጣጥ ክረምቲ ዘመጽእ ከም ጼዖቕ ማዕጺድ ኣብ ኣእካል፣ ዳግመ ምብቋል ዘኣመስለ ጸገማት ከኣ ኣብ ዘራእቲ ፉል ኪጋጥም ስለዚኽእል ብጥንቃቐ ምክትታልን፣ ምስ ግዜ ምቅድዳምን የድሊ። እኽሊ ኣብ ቆፎኡ ክሳብ ዚኣቱ እቲ ስክፍታ ቀጻሊ ኢዩ። ምኽንያቱ ኣብ እዋን ቀውዒ ብሃንደበት ዚኸሰቱ ከም ጋሸራ፣ ኣንበጣ ዘኣመስሉ ባልዓት ከምኡ'ውን ኣእካል ዘህንዊ ተጻባኢቲ ከም ኣዕዋፍ፣ እንስሳ ዘገዳምን እንስሳ ዘቤትን ስለዘለዉ። እቲ ሓለዋን ምክትታልን ቀጻሊ ኪኸውን ይግባእ። ብዮዝባሪ'ውን ኣብዚ ቅንያት'ዚ ሓሓሊፉ ዘዘንብ ዘሎ ዝናብ ኣብ ምህርቲ ሃሰያ ከምጽእ ከምዚኽእል ርዱእ ኢዩ። ኣብ ምምሕዳራዊ ከባቢታት ን/ዞባ ዒላበርዕድ ዘርከቡ ሓረስቶት ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብተደጋጋሚ ብዘዘበ ዝናብ እቲ ከይተበትከ ዝጸንሐ ኣእካል ገለኡ ናብ መሬት ብምውዳቑ ገለኡ ከኣ ከም ብሓዲሽ ክበልግ ስለዝጀመረ ኣብ ምህርቲ ሃሰያ ከምዘውረደሎም ይሕብሩ። ሚ/ሪ ሕርሻ'ውን ሓረስቶት ዝበጽሐን ዝቖጸን ኣእካል ብእዋኑ ከእትዉ ብመራኸቢ ብዙሓን ቀጻሊ ሓበሬታታትን ምልክታታትን ኣብ ምምሕልላፍ ይርከቡ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሄለን ምሕረተኣብ ኪዳነ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃነ ሃብቱ መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ ሓደ ወድና ከኣ ወራሲ ምኳኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሙኤል ዘወልደማርያም ወልዱ፡ ብዓልቲ ቤተይ ተበርሀ ገብረታትዮስ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣየናሳሌም ተኽለሃይማኖት ገብረማርያም፡ ወለድና ተኽለሃይማኖት ገብረማርያም ዑቕባንን የሺ ሓድጉ ግርማይን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጺጋይ በርሀ ወልዱ፡ ሓፍትና ዘውዲ በርሀ ወልዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣርሴማ መንግስትኣብ ሙብራሂቱ፡ ምግላ ተሪፉ፡ ኣርሴማ መንግስትኣብ ሙብራሂቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲ ወይ/ጽገረዳ ቴድሮስ ካሕሳይ ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ/ራት ሉተብርሃን ተሰፋም 2.1 ሰምሃር ቴድሮስ ካሕሳይ 2.2 ሜሮን ቴድሮስ ካሕሳይ 2.3 ሄኖክ ቴድሮስ ካሕሳይ ዓብይና ፍ/ራት ሃጸ ገብረታትዮስ ብስም ዝተመዝገበ 2+ ናይ ንግዲ ትካላት ዝፈጸመትለይ ውዕል ወህብቶ ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክትፍጽሙ ክሲ ቀሪቡ ስለ ዘሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ዘውዲ ፍስሃ ተኸሳሲ ኣቶ ክብሮም ሞገስጸዮን ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈለጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጥ።

ኣልጋሽ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ኣርኣያ ስለ ዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለምለም ተወልዱ፡ ኣደይ ሓረገ ጊላጋብር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መኣዛ መሓመድ ብርሃን ዓብዲ ምግላ ተሪፉ፡ መዓዛ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 መጋባእያ ይቕረብ።

ሚካኤል ቁርባን ዓዋተ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣበበ ተስፋማርያም ኪዳነ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ታደለሽ ሃይሉ፡ ሓትኖይ ሮማ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ 4 ኣሕዋት ብዙተኻእቲ ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሊድያ ተወልደ ገብራይ፡ ኣቦይ ተወልደ ገብራይ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣዓም ኣሕመድ በድሪ ምግላ ተሪፉ፡ ኣዓም ኣሕመደብድሪ ኑርሐሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ልኡል ተስፋልደት ዘርኣ ምግላ ተሪፉ፡ ልኡል ኣዓም ኣልማጽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣስመረት ታረቀ ተድላ፡ ኣደይ ማለለሽ ገብሩ ተስፋይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቤል ሃብቶም ተስፋይ ምግላ ተሪፉ፡ ኣቤል ሃብቱ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰረክ ጉዓም ተስፋማርያም ምግላ ተሪፉ፡ ሰረክ ቀለታ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ክብሮም ብርሃነ ምግላ ተሪፉ፡ ክብሮም ብርሃነ ማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ዳናይት ጉይትኦም ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ጉይትኦም ሃይለ ፍስሃጽ ብዕለት 08/2021 ምስ ወጸ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣቶ መጀር ህንጻ ተኽሉ፡ ስም ኣደይ ሚዘለት ካሕሳይ ወልደሂወት ምግላ ተሪፉ፡ ቀደስ ዑቕባሚካኤል ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓሬና ተስፉ፡ ብዓል ቤተይ ምስየና ሃብትኣብ መድሃኔ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስምኦን ወልደሚካኤል ኣብርሀ ምግላ ተሪፉ፡ በረኸት ወልደሚካኤል ኣብርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ፍትሓዊ ተሸመ ሃብተስላሴ ምግላ ተሪፉ፡ ዓብለሎም ተሸመ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ገብረስላሴ ወልደሚካኤል፡ ኣቦይ ገብረስላሴ ወልደሚካኤል ኣብርሃ ስለ ዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳኒኤል ሃብቶም ዓንደ ምግላ ተሪፉ፡ ዳኒኤል ሃብቶም ዓንዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መም/ በላይ በየነ ገብረሚካኤል፡ ኣደይ ደንገጸ በላይ ኪዳነ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወይኒ ተኽለ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ተኽለ ገብሩ ልዕሊ 10 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ዛይድ ጎይትኦም ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ኣስመሮም እስቲፋኖስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሉተብርሃን ተስፋጼን ጭሩም፡ ብዓል ቤተይ ተስፋልደት ተስፋገርግሽ ገደ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳንናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ተኽለማርያም ገብረንጉስ መዝሙ፡ ሓፍተይ ሃይማኖት ገብረንጉስ መዝሙ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድዓሊ ሳልሕ ዐስማን ምግላ ተሪፉ፡ ዓሊ ሳልሕ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብደላ ዓብዱ ጣሃ ምግላ ተሪፉ፡ ዓብደላ ዓብዱ መሐመድ ጣሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ነገሶት መሓሪ ስጊድ ምግላ ተሪፉ፡ ለገሶት መሓሪ ስጊድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሳልም መሓመድ ዓይሽ ምግላ ተሪፉ፡ ሳልም መሓመድ ብራይክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሓመዲን ዑመር ሓሰን ምግላ ተሪፉ፡ ዳኒ ዑመር ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ኣድሓኑት ግርማይ የማነ፡ ናይ ት/ዕድመ ጓለይ ትእማር መሴ ዘርኣይ፡ መሴ ዘርኣይ ጎይትኦም ዝበሃል ናይ ሞግዚት ስልጣን ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብድንገታዊ ሕልፈት ኣዚና እንፈትዎ ተስፋልደት ሃብታይ ክፍለ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እስራኤል እትርከቡ ማሕበረትም ሬሳ ኣብ ምልኣኽን ስድራ ቤት መዋቲ ከይዝኸትሙ ዘበርከትኩሞ ገንዘባዊ፡ ኣብኡ ግቡእ ናይ ሓዘን ስነስርዓት ብምግባርኩም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገረ ሽወደን እትርከቡ ማሕበረትምን ኣሕዋትን ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም እትርከቡ ዘበርከትኩሞ ገንዘብ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ህዝቢ ኣንቶረን ከበኣን ዘቃበርኩምናን ዘተሓዘንኩምናን ከምኡ'ውን ካብ ኣስመራ ናብ ኣንቶረ ሬሳ ዘፋነኹም ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና።

ብዓልቲ ቤቱ ለተዝጊ ተኽለማርያም
ወላዲቱ ቅዱሳን ገብረማርያም
ምስ ምሉእ ስድራቤት

ወ/ሮ ትዕግስቲ ዑቕቢት ደባሱ ዝተፈቕደለን ናይ ኤለትሪክ ኣቕሓ መሸጥን መጸገንን ንግዳዊ ትካለን "ኤልሻዳይ ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሓ ምሻጥን ማስመር ምዝርጋሕን" (ELSHADY ELECTRICAL RETAILER & CONTRACTOR) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ኣነ ጉብርእዝጊ ገብረሚካኤል ስዩም፡ ካብ ኣቶ ዒሳ የሱፍ መሓመድጣሀርን ወ/ሮ ግደይ ዓብደልኣወል ሙሳን ብሕጋዊ ወኪል ዩሱፍ ዒሳ የሱፍ ዝዓደግክዎ ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ምም/02 ዝርከብ፡ ስፍሓት 200 ት/ሜትሮ ኣብ ቁ/ሎታ 71 ቁ/መዝገብ 409/83 ብቑፅሊት ቁ246232 ብኑብረት መለለዪ ቁ/48168/75640 ብኑብረት ቁ/መዝገብ 56882 ዝተመዝገበ፡ ናብ ስመይ ክመሓለልፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝዘዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር።

ጉብረዝጊ ገብረሚካኤል ስዩም፡

ብስም እሲ ሓ.ዝ.ብ.ማ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ/ ዋኒን ASL00037848 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ሰንሒት ቁ.ገዛ 45 ዝርከብ ናይ ጽርበት ዕንጸይትን ሓጺንን ትካለይ ንኣቶ ብእምነት ጎይትኦም ገብረንጉስ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሓደሽ ዓዲ ጎደና 132 ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/10/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

እሲ ሓ.ዝ.ብ.ማ
ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ሙብራህቱ ተስፋይ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ስላስ ዝብረልኣል ተከኤ ምባል ተሪፉ፥ ሉተስላሴ ዝብረልኣል ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሀ6/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

የውሃስ መሓረና መሃዝል፡ ኣደይ ኣብርሀት ተስፋጊዮርጊስ ሃብቲት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ግርማይ ስብሓቱ ረዳ፡ ኣደይ ሉተሚካኤል ተወልደ ተስፋጼን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሉተሃይማኖት ክፍለማርያም ዐቑባርጋሽ፡ ኣዴይ ሂወት ብርሃ ተስፉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸገ በራኺ ሚካኤል፡ ኣቦይ በራኺ ወልደሚካኤል ዝብረማስቀል ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

የውሃና ኢሳይያስ እስቲፋኖስ ምባል ተሪፉ፥ ሄርሜላ ኢሳይያስ እስቲፋኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤተልሄም ተኽለሰንበት መሓሪ ምባል ተሪፉ፥ ቤቲኤል ተኽለሰንበት መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የውሃንስ ሕድርከኤል ክፍሉ፡ ሓፍተይ ኣብርሃ ሕድርከኤል ክፍለ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በራኺ ረዘ ወልደሚካኤል፡ ኣደይ መኣዛ ኪዳን ሃብተማርያም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሰር የሃንስ ሃብታይ ምባል ተሪፉ፥ ኣስቴር የሃንስ ሃብታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናርዶስ ሃብተኣብ ሓይለም ምባል ተሪፉ፥ በሉል ሃብተኣብ ሓይለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ፍኖሪ ሃይለ በርሀ፡ ተኸሳሲ ቶማስ ሃይለ ኣለም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ከረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ኣብርሄጽን እምባዬ ዝብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ተስፋማርያም ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ምሕረት ነጋሲ የውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ክፍሉ ዘርኣይ ደረሰም ስለዝተሰወኑ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነጃት ፈረጅ መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ ነጃት ማስጦፋ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዐሰማን መሳ ዓብዱ፡ ዋንት ናይ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሃና ፍቕቲ ሃብተማርያም ዝኾነት መኪና ቶዮታ ሃይሉክስ ስርሓት ጃፓን ዳላፐ ዝኾነት፡ ቁጽሪ ሰሌዳ ER-2A-2828 ዝተሰርሓትሉ ዓመት 1983 ካብ ተጸዋዒት ብዕለት 01/08/2009 ዓም መኪና ብዋጋ 80.000 ሶማንያ ሽሕ ናቕፋ ገዚኣ፥ ስም ዋንት ናይዛ መኪና ከየመሓለለፈትለይ ብኣድረሻኣ ክረኽባ ስለዘይከኣልኩ ትጸዋዕለይ ስለዝበሉ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

---

ብስም ጴጥሮስ ጉብረስላሴ ተወልደ ዝተመዝገበ ብቑፍ ዋኒን ASL00032744 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻፋሒ ዓዲ መርሓኖ እምባርሚ ዝርከብ ናይ ጋራጅና ኣውቶኤሌክትሪክ ትካለይ ንኣቶ ኣብሰሎም ሰባሲ ዝብረመድህን ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 743-4 ቁ.ገዛ 56 ካብ ዕለት 01/08/2024 ክሳብ ዕለት 31/07/2025 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸም ንፈልጥ።

ጴጥሮስ ጉብረስላሴ ተወልደ

---

ብስም ጴጥሮስ ጉብረስላሴ ተወልደ ዝተመዝገበ ብቑፍ ዋኒን ASL00032744 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻፋሒ ዓዲ መርሓኖ ዝርከብ ናይ ጋራጅን ኤውቶኤሌክትሪክ ትካለይ ንኣቶ በረኸ በኹረ መርሁ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ዓሊ ገደ ቁ.ገዛ 15 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ጴጥሮስ ጉብረስላሴ ተወልደ

---

ኣነ ዊንታ ተከኤ ተስፋጋብር፡ ሕጋዊ ወኪል ተከኤ ተስፋጋብር፡ ካብ ኣቶ መሓሪ ግደን ወረ/ት/ኣዜብ ርእሶም ልጃም ኣቶ ሚናስ መሓሪ ግደን ዝዓደግኩዎ ገዛ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ማይ ተመናይ ዚፕ ኮድ 1A143 ጎደና 149-11 ፕሎት 160 ፓርሰል B ዝርከብ፡ ስፍሓት 502.10 ት/ሜትሮ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ብቑ. ንብረት 1BRASM008265-0 ዝተመዝገበ ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝፈቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘየለ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ዊንታ ተከኤ ተስፋጋብር
ሕጋዊ ወኪል ተከኤ ተስፋጋብር

---

ወ/ሮ ሱሄር ሳልሕ ዐሰማን፡ ዝተፈቕደለን ናይ ህንጻን ሕርሻን መሻጢ ንግዳዊ ትካለን 'ጎልደን መሻጢ ናውቲ ህንጻ ሕርሻን፡ (GOLDEN FERAMENTA) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

### ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ምስሕኻት ባኒን ምቕራብ ዕንጨይትን)
ዓዳጊ ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ንተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሶማፕን ምቕራብ ዕንጨይትን ንቤ/ት ጸመማን ከረን ምቕራብ ዕንጨይትን ምስሕኻት ባኒን)
ኣርእስቲ ውዕል፡ (ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፡ (ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ንተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሶማፕን ጸመማን ከረንን) ንዓመት 2025 ካብ ወርሒ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/25 ንተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሶማፕን ጸመማን ከረንን ዝውዕል ዕንጨይትን ምስሕኻት ባኒን ከሚግርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሶማፕን ጸመማን ከረንን ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት፡ ቀረብ መግቢ ምስሕኻት ባኒን ዕንጨይትን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፥ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019-2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስን መንነትን ወረቐትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ቁ.ቴሌ 402289 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ ሓምሳ (50) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ናይ ጨረታ ደብዳበ ክሳብ ዕለት 21/11/24 ሰዓት10፡00 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስዑሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ዕለት 21/11/2024 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security) (C.P.O) 50,000.00 ናቕፋ ክሰነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝፈቕዶ መሰረት ይካየድ።
9. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሶማፕን ጸመማን ከረንን) ብምሉኡ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ
(ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሶማፕን ጸመማን ከረንን)
Tele 402289,402290

---


## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ


ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

ALPHA PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓልለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ቴለ. 07151337 ወይ 07282165



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣስመራ

ሩታ ገብረእግዚኣብሄር ገብረሂወት፡ ኣደይ ህድኣት ኪዳነ ወልደሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰላም ሃይለ ባህታ፡ ተኸሳሲ ንጉሰ ኣፈወርቂ ወልደማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ለተንኪኤል ተወልደ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ መዃሾ መብራህቱ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ ከምኡ'ውን 2 ደቁ ወረስቱ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ራህዋ ካሕሳይ ኣረፋይነ፡ ኣዴና ለተብርሃን ተኽለ ተስፋይ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ርበል ኣማኑኤል፡ ተኸሳሲ ሚካኤል ወልደኪዳን ልጃም፡ ናይ ሰም ዋንነት ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሄርሞን ክብሮም ርእሶም ምባል ተሪፉ፡ ሄርሞን መርሃዊ ተኸስተ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ 7ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣንበሳጀር ሃብተ ተኽሉ 2. ወ/ሮ ዑቕባ ወልዱ ገብረእግዚኣብሄር፡ ወድና ኢንጂ/ የናስ ኣንበሳጀር ስለ ዝተሰውኡ፡ ንሕና ኣመልከትቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

የማነ ኣሮን ዑቕቡ፡ ኣቦና ኣሮን ዑቕቡን ኣዴና ጸላት ገብረኪዳንን ስለዝዓረፉ፡ 7 ደቆምን ተተካእቲ ደቆምን ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ተብርህ ብርሃነ፡ ተጸዋዒ ሃብቲት ኣሰፋው፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሚከኤል በርኸትኣብ ሰመረ፡ ሓፍተይ ኢለን ኣስገደም ሰጊድ ዝብሃትኒ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ኣመልካቲት ወ/ሮ ጺጋ ትኩእ ርእሶት፡ ተጸዋዒ ተስፋሚካኤል ትኩእ ርእሶት፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ማሓመድ ዓብደላ ማዕጡቕ፡ ሰም ወላዲተይ ኣሶማኑር መሓመድስዒድ ምባል ተሪፉ፡ ኣሶማኑር መሓመድ ስዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሱፍ ዓብደላ መሓመድኑር፡ ናይ ገዝዘብ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/11/24 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣማኑኤል ጎይትኦም ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ኣማኑኤል ጎይትኦም ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ዲቦራ ያቆብ ኣርኣያ፡ ብወላዲታ ወ/ሮ ኣዝመራ ኢያሱ ገብረመድህን፡ ኣቦይ ያቆብ ኣርኣያ ቀሺ ወልደገርግሽን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገረጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ፊሊሞን ሓየለም፡ ኣደይ ነፍ/ኑርዓይኒ ሙሳ መተዘዮን ብዕለት 25/4/2018 ኣብ ቅድሚ ቤ/ጽ/ቆንስላዊ ጉዳያት ኦስሎ ኖርወይ ቀሪባ ኑቲ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ/ካዳስተር ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ከባቢ ገዛ ዑብል ጎደና 135 -2 ዚብ ኮድ 1A135 ፕሎት 2 ፓርሰል Plot 2 ቁጽሪ ገዛ 32 ብሰማ ተመዝጊቡ ዘሎ፡ ኣብ 147 ት/ሜ ስፍሓት መሬት ዝተደኮሰ 3 ክፍሊ ክልተ ክሽነ 1ዓይኒ ምድሪ 1መኽዘን ዘለዎ ተራ ገዛ፡ ብመለለዪ ንብረት ምም/ ASD 00008350 ዝበረ መለለዪ ንብረት ድማ 50991/84329 ዝፍለጥ ሕጇ ብቁጽሪ ንብረት 1BRASM014092/0 ተመዝጊቡ ተሓዲሱ ዘሎ ገዛ፡ ንዓይ ለበዋ ኣደይ ይጽደቐለይ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ከመዝገብ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትብለጽ ወልደሩፋኤል ወልደስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ዘርኣይ ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገረጸሎም ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ማርያ በየነ ወኪል ሚከኤል ተኽሉ፡ ተኸሰስቲ ገብረትንሳኤ ገብረመድህንን ወ/ሮ ተኽኣ ኣባይን ናይ ሰም ምትሕልላፍ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ቁ/ፍ/ዋኒን DML00011053 ናይ ማይ ቦጥ ትካለይ ንወ/ሮ ኣዜብ ወልደትንሳኤ ገብረስላሴ ኣድራሻ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ወግሪ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ብ250,000,00 ናቕፋ ብዕለት 20/02/23 ስለ ዝሸጥኩላ፡ ብስም ሽያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ሰም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ንፈልጥ፡፡

ዓንደማርያም ሃብተገርግሽ

ኣነ ህይወት ገብረመድህን ወልደጋብር ዝተበሃልኩ፡ ካብ ወላዲተይ ነፍ/ር ለተብርሃን ሃይለ ተስፋኣ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከባቢ ጉዳይፍ፡ ዚፕ ኮድ 1A726 ጎደና ሞንራይቭ ዝርከብ ካብ ኮምሽን ኣባይቲ ብዋዘያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁምስክር ወረቐት 108835 መወከሲ ቁጽሪ 118329 ዝተመዝገበ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ እተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ ሐዙ ናብ ክፍሊ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ሰም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ህይወት ገብረመድህን

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 131-7 ቁ/ገዛ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00041741፡ ናይ መሸጢ ልስሉስ ኣልኮላዊ መስተ ትካለይ ንወ/ሮ መብርሂት ኢያኣብ ሃብተጼን ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 129-8 ቁ.ገዛ 33 ብዕለት 20/10/22 ቁ.መዝ 301/2022 ብውህብቶ ስለ ዝሃብክዎ፡ ብሰም ወሃቢ ውህብቶ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ሰም ተቐባሊ ውህብቶ ከምዝመሓላለፍ የፍልጥ፡፡

ሃይለ ተኽለገርግሽ ዑቕባጼን

ብሰም ሰመረ ደባስ ሚካኤል ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00035158 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ 43 ዝርከብ ናይ መሸጣ ኮስሞቲክስን ክዳውንትን ምክራይ ሼሎን ትካለይ ንወ/ሮ ኣድያም ተኽለዝጊ ዑቕባልደት ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቮሎ ጎደና ደንደን ላዕሊ 189-1 ቁ/ገዛ 6 ካብ ዕለት 18/10/24 ክሳብ ዕለት 17/10/26 ኣካርየ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ሰመረ ደባስ ሚካኤል

ኣነ መኣዛ ሃይለ ርእሶም ዝተበሃልኩ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ከባቢ መዓስከር ኣልጌን ፕሎት 9 ፓርሰል 1Aዚፕ-ኮድ 1A177 ዝርከብ ብመለለዪ ገዛ ASD00025889 ASP00029113 ዝፍለጥ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM015789 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዋንነት ምስክር ወረቐት ኦርጂናል ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ዝብል ወይ ድማ ብዕዳ ሐዚዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07395339 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ድማ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ቅዳሕ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር፡፡

መኣዛ ሃይለ ርእሶም

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/14 ጎደና መሕደሮ መርዓት ቁ.ገዛ 23 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 114430 መወከሲ ቁጽሪ 135947 ብስም ኣደይ ወ/ሮ ቅዱሳን ጎይትኦም ተስፋእዝጊ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ብዘረጋገጽኩዎ ውርሻ መሰረት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ርዚና ካፐሊ ቪቶርዮ
ወኪል ተኽለ በራኺ ካሕሳይ

ኣልማዝ ኣርኣያ ገብረመስቀል፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ጫማን ስፉይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካለን "ራሕሲ መሸጣ ጫማን ክዳውንትን" (RAHSI BOUTIQUE) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ሰም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሐደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ሰም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ዓንደም ሃብተማርያም ገብረሚካኤል፡ ምሕረት ሓይለኣብ ሰረቐ ጎደና 116-7 ዚፕ ኮድ A1116 ፕሎት 25 ፓርሰል "N" ኣብ ካዳስተር ብመ/ቁ 45695/70201 ቀንዲ ክፍልታት 4 ተሓጋገዝቲ 2 ገዛ ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ ካብ ወህብቶ ተቐቢለ ከመሓላልፎ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተራል ወይ ከኣ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይሎ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ጊላይ ዓንደም ሃብተማርያም

## NOTICE

Notice hereby given to the Public that the share holders of Gemel Public Transport Sh. Co. On their Extraordinary General meeting held on 10th of December 2022 have resolved that;

1.Ato Ogbit Bahta Negusse has been reappointed as a General Manager.

2.The former board of directors are substituted by the under mentioned members.

1. L.Col Gerezgiher T/gebriel Tewelde ...Chairman
2. Freweini Yegzaw Sekar ……………..Secretary
3. Col. Jabra ahmed Jabra
4. Cap. Ezgharia Tecle Negash
5. Cap. Mamit Tekle Gebrekidane
6. S/luent . Aster Habtezion H/Michael
7. S/lueut. Teblets, gaym teklezb
8. S/lueut. Tsrha zerai Tesfasion
9. s/lieut letengus Russom k/mariam.

Gemel Public Transport Sh Co.

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ሰ/ኮርያን ሩስያን፡ ወተሃደራዊ ስምምዕ ኣጽዲቐን



ሰሜንኮርያን ፈደረሽን ሩስያን ኑቲ ዝሓለፈ ወርሒ ስ ዝሸተማሉ ክልተኣዊ ስምምዕ ምክልኻል፡ ትማሊ ሰሉስ ብወግዒ ኣጽዲቐንኦ።

እቲ ኣብ መንጎ ሰሜንኮርያን ሩስያን ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ኣብ ልዕሊ ሓንቲኣን ዝኾነ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ምስ ዘጋጥም፡ እታ ካልኣይቲ ሃገር ጣልቃ ኣትያ ሰራዊታ ኣብ ኸኒታ ሃገር ከተዋፍር ዘገድድ ምኳኑ'ዩ ክሕበር ጸኒሑ።

ኣብዚ እዋን፡ ሰሜንኮርያ ኣብ ኲናት ዩክሬን ንሩስያ ንምሕጋዝ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ወተሃደራታ ናብታ ሃገር ኣዋፊራ ምህላዋ፡ ጸብጻብት የመልክቱ።

ብተወሳኺ፡ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ኑቲ ክልተኣዊ ስምምዕ ሕጋዊ ከምዝኸበሮ ብምሕባር፡ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ወተሃደራዊን ካልኦት መዳያትን ከምዝተሓጋገዛ ኣዚሩ።

ኣመሪካ፡ ደቡብኮርያን ዩክሬንን፡ ኣብ ሩስያ ልዕሊ 10 ሽሕ ወተሃደራት ሰሜን-ኮርያ ተዋፊሮም ከምዝለዉ ብምሕባር፡ ንወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ክልቲኣን ሃገራት ብትሪ ከቃቕፉ ይሰምዓ ከምዝለዋ ጸብጻብት ዜና የመልክቱ።

## ብዙሓት መንገዲ-ኣየር ናብ ሀይቲ በረራ የቋርጻ




ብርክት ዝበሉ መንገዲ-ኣየር፡ ናብ ሀይቲ ክካይድኦ ዝጸንሓ በረራታት ከምዘቋረጻኦ ኣፍሊጠን።

እተን መንገዲ-ኣየር ዝኢ ስጉምቲ ዝወሰዳ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተበጊሳ ኣብ ከተማ ፖርት-ኦ-ፕሪንስ ትዓልብ ዝነበረት ነፋሪት ካብ ጉጅለ ገበኛታት ድሕሪ ዘጋጠማ መጥቃዕቲ እየን።

እታ ነፋሪት ድሕሪ'ቲ ዝተኸፍተላ ተኹሲ፡ ብቐጽበት ኣንፈታ ቀይራ ናብ ዶሚኒካን ሪፓብሊክ ከምዝምርሐት ተሓቢሩ።

ኣብ መዓርፎ-ነፈርቲ ከተማ ሳንቲያጎ ድሕሪ ምዕላብ ድማ፡ ኣብ ሓያል ክፋላታ ብጠያይቲ ተሃሪማ ከምዝጸንሐት ተገሊጹ።

በዚ ኸኣ፡ 'መንገዲ ኣየር ኣመሪካ፡' 'ጀት ብሉ'ን ካልኦትን ዝርከባኦን ብርክት ዝበላ መንገዲ-ኣየር፡ ናብታ ሃገር ዝኸዳ በረራታት ከምዘቋረጻ ኣፍሊጠን ኣለዋ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ጥቕምቲ'ውን፡ ጉጅለ ገበኛታት ሀይቲ ኣብ ልዕሊ ሄሊኮፕተር ኣመሪካ ብዘኸፈትዎ ተኹሲ፡ ቁጽረን ብዘይተፈልጠ ውሑዳት መንገዲ-ኣየር ናብታ ካሪብያዊት ሃገር ዘካይዳኦ በረራታት ከምዘወንዘፋኦ ዝዘከር እዩ።

ኣብታ ሕጊ-ኣልቦ ዝኾነት ጉጅለታት ገበን ብዘሰዓብዎ ጸጥታዊ ቅልውላው ትሳቐ ዘላ ሀይቲ ከምዚ ዓይነት መጥቃዕቲ ዝፍጸም ዘሎ፡ እታ ሃገር ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ድሕሪ ምሺያማ እዩ።

ግዝያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ሀይቲ ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ ጋሪ ኮኔል ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምእላዩ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣሌክስ ዲዴር ንብታኡ ተረኪቡ ቃሉማሕላ ከምዝፈጸመ እዩ ዝግለጽ።

ኣስታት 11.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሀይቲ፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ልዕሊ 160 ሽሕ ነበርታ ካብ ኣባይቶም ክመዛበሉ ተገዲዶም ከምዝለዉ፡ ጸብጻብት የመልክቱ።

## እስራኤል፡ ምስ ሕዝቦላህ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ነጺጋ

እስራኤል፡ ምስ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከምዘይትገብር፡ ሓድሽ ሚኒስተር ምክልኻል እታ ሃገር - እስራኤል ካትዝ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስተር፡ እስራኤል ኣብዚ እዋን ምስ ሕዝቦላህ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክትክትም ድልውቲ ከምዘየላ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ልዕሊ ንዩክሌሳዊ መሳለጥያታት ኢራን ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ከምእትካይድ'ውን ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ወራሲ-ዓረት ስዑዲ-ዓረብ ልኡል መሓመድ ቢን ሳልማን፡ "እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ምጽናት ዓሌት ተካይድ ኣላ" ክብል ከሲሱ።

ንሱ ወሲኹ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስን ኢራንን እውን ዘይሕጋዊ መጥቃዕትታት ተካይድ ከምዘላ'ዩ ኣብዚ ኣብ ከተማ ሪያድ ዝተኻየደ ዋዕላ ሃገራት ዓረብን እስላምን ኣቃሊዑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እስራኤል ትማሊ ሰሉስ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ መዕቆቢ ስደተኛታት 'ኑሰራት' ብዘካየደቶ ናይ ኣጋር መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 20 ሰላማውያን ሰባት ከምእተቐትሉ ይሕበር ኣሎ።

እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛን ሊባኖስን ንእተካይዶ ዘላ ኣልማሚ ደብዳባት፡ ማሕበረሰብ ዓለም ጸማም እዝኒ ይሀቦ ከምዘሎ'የን ብዙሓት ሃገራት ክኸሳ ጸኒሐን።

በቲ ኣስታት 14 ኣዋርሕ ኣቑጺሩ ዘሎ ኣልማሚ ደብዳብ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ፡ ዛጊት ልዕሊ 41,500 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 102 ሽሕ ድማ ቆሲሎም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻብት።

እንተኾነ፡ እስራኤል ኑቲ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ኢ-ሰብኣዊ ምኳኑ ዝነገረሉ ደብዳባ፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ምሉእ ብምሉእ ክይተደምሰሰ ከምዘይተቋርጾ እያ ትገልጽ።

ብተወሳኺ፡ እታ ሃገር ኣብ ሊባኖስ ብእተካይዶ ዘላ ተመሳሳሊ ደብዳብ፡ ዛጊት ኣስታት 3 ሽሕ በርጌስ ተቐቲሎም ከምዘለዉ ይሕበር።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ'ቶም ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዝተቐትሉ ፍልስጤማውያን፡ እቶም 70 ሚእታዊት ቆልዑን ኣንስትን እዮም።



## ቤላሩስ ኣባል ውድብ 'ብሪክስ' ኮይና



ቤላሩስ፡ ኣባል ቁጡባዊ ውድብ ብሪክስ ከምዝኾነት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ማክሲም ራይዘንኮቭ ኣፍሊጡ።

ቀንዲ መሻርኽቲ ፈደረሽን ሩስያ ምዃና ዝነገረላ ቤላሩስ፡ ድሕሪ ኲናት ዩክሬን፡ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊኣ ተደጋጋሚ እገዳታት ከጽንዓ ምጽንሐን እዩ ዝግለጽ።

ኣባልነት ቤላሩስ ኣብ ቁጡባዊ ውድብ ብሪክስ፡ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ከተማ ካዛን - ሩስያ ዝተኻየደ ዋዕላ ናይ'ቲ ውድብ ከምዝጸደቐ ዝጠቕሱ ጸብጻብት፡ ቤላሩስ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣብ ዝተፈላለየ በቲ ውድብ ዝቐረብ ዋዕላታት ይኹን ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ተሳታፊት ከምእትኸውን ኣሕጺሮም።

ኣብዚ እዋን'ዚ ልዕሊ 30 ሃገራት ናብ ቁጡባዊ ውድብ ብሪክስ ንምጽንባር ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪበን ከምዝለዋ ዝሓበረት - ኣቦ-መንበር ብሪክስ ኮይና ነዚ ዓመት'ዚኣ ተገልግል ዘላ ሩስያ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዝርዝር ኣስማት ናይ'ተን ናብቲ ውድብ ዝጽንበራ ሃገራት ክትነግር ምዃና ኣፍሊጣ።

ብመሰረት ጸብጻብት፡ ቱርኪ፡ ኩባ፡ ኢንዶነዥያ፡ ዩጋንዳ፡ ታይላንድን ቬትናምን ገለ ካብ'ተን ኣብ ቀረባ እዋን ናብቲ ውድብ ዝጽንበራ ሃገራት እየን።

ንብራዚል፡ ሩስያ፡ ህንዲን ቻይናን ሓቚፉ ኣብ 2009 ዝተመስረተ ቁጡባዊ ውድብ ብሪክስ፡ ኣብ 2011 ንደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ፈለማ 2024 ድማ ንኢራን፡ ግብጺ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኢትዮጵያን ከምዝጸንበረ ይፍለጥ።

## 'ንግዳዊ ሽርክነት ሩስያን ህንድን ብጽቡቕ ይግስግስ ኣሎ' ተባሂሉ



መጠን ንግዳዊ ልውውጥ ፈደረሽን ሩስያን ህንድን፡ ኣብዚ እዋን 66 ቢልዮን ዶላር ከምዝበጽሐ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ኣፍሊጡ።

በዚ ኸኣ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ንግዳዊ ልውውጥ፡ ኣብ 2030 ናብ 100 ቢልዮን ዶላር ክብ ክብል ከምዝኽእል ይግለጽ ኣሎ።

ካብ 2022 ኣትሒዙ ንግዳዊ ሽርክነተን ክብ ኣብሊንኦ ዝርከባ ሩስያን ህንድን፡ ልዕሊ 40 ሚእታዊት እታው ነዳዲ ህንዲ ምንጩ ካብ ሩስያ ኮይኑ ከምዝሎ ይሕበር።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ህንዲ 5 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ኣቑሑ ናብ ሩስያ ከምዝለኣኸት ዝጠቐሰ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ናረንድራ ሞዲ፡ ኣብዚ ዓመት ድማ ኑቲ መጠን ሰደድ ዝያዳ ክብ ከምእተብሎ ኣፍሊጡ።

ገለ ካብ'ቶም ካብ ህንዲ ናብ ሩስያ ዝለኣኹ ንግዳዊ ኣቑሑ - መድሃኒታት፡ ናይ ፋርማሲ ናውቲን ሓጺንን ምዃኖም፡ ጸብጻብት የረድኡ።

ብመሰረት'ቶም ጸብጻብት፡ ሩስያን ህንዲን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዋጋ 65 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ንጥፈታት ብናይ ገዛእ-ርእሰን ባጤራ ኣካይደን።

መንግስቲ ሩስያ፡ ሃገራት ምዕራብ ብኲናት ዩክሬን ኣመኽንየንኦ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ኣጽኒዐንኦ ዘለዋ እገዳ፡ ኣብ ሰደድ ዘይተጻረየ ነዳዲ ዝኾነ ጽልዋ ከምዘየስዓበ'ዩ ክሕበር ጸኒሑ።

እዚ ማለት ድማ፡ ሃገራት ምዕራብ ዝተሓሰምኦ ዘይተጻረየ ነዳዲ ሃገሩ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ህንድን ይዕድጋኦ ከምዘለዋ ጸብጻብት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሺያ ጅዳ | 13/11/2024 | ጎደና ሲጋለት ቀጣን ቁ.6፡ (ሺያጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565